፲፫፡ እዚውን ከምዚ እዩ ለክቡርሂ ለክቡርኒ ለክቡርስ አዳም ኣምላኩ ተስቅለ። ለአዳምኺ ለአዳምኒ ለአደምስ፡ ክቡር ኣምላኩ ተስቅለ። አምላክሂ አምለክኒ ተሰቅለ። አምለኩስ ለአዳም አምላክሰ ዘአዳም ተስቅለ ብምባሉ ይርአ።

፲፬፡ ሂ፡ ኒ፡ ተፈልዮም፡ ኣብ አንቀጽ ትርአስ ይንገሩ፡ ንሓደ ንብዙኅ ንሰበይቲ ንተባዕታይ ንርሑቕ ንቑረባ፡ ንባዕድ ንዘመድ ወሰን ይኾኑ።

፲፭፡ በልዐ ስትየሂ ስትየኒ ብኾሉ ከምዚ ኢሉ ይኣቱ። አመ ተስቅለ ክርስቶ አመኺ ተረግዘ አመኒ ተቀነወ። አድኅነ፡ ኮሎ ዓለመ። ተፈነወ ሙሴ አሮንሂ ተፈነወ ኒ፡ ድማ ከምኡ ሂ፡ ኒ፡ መእሰሪ አየኅልፉን እዮም።

፲፮፡ ዋዌ ዚኾኑ ቑለማት ፬ እዮም። ንሳቶም ድማ እመኒ እመሂ ምንተኒ ምንተሂ። መነሂ ማእዜኒ እዮም።

፲፯፡ ንአብነት እመኒ እመሺ በልዐ፡ መፍቀሬ ከርሥ ኢይጸግብ ገብረ መንፈስ ቅዱስ ምንተኒ ምንተሂ ኢጥዕመ ዕክለ እምተወልደ እስከ አመ ሞተ ዳዊት በጊዜ ጸብእ። መነሂ ኢይፈርህ። ማእዜነ ኢይጠበቡ አብዳን ብምባሉ ይርአ።

፲፰፡ ትርአስ ቀለማት ፯ እዮም። ንሳቶም ድማ ኀበ ከመ አመ እመ ቅድመ ድኅረ ዘ፡ እዮም።

፲፱፡ ኀበ ኪኸውን ከሎ ኀበ ተወልደ ክርስቶስ ኀበሂ ኀበኒ ተስቅለ ድኅነ ኵሉ ዓለም። ክርስቶስ ምስ ተወልደ ምስ ተሰቐለን ኵሉ ዓለም ደኃነ። (ኩሉ ሰብ)

፳፡ አመ ኪኸውን ከሎ አመ ተወልደ ክርስቶስ አመሺ ተሰቐለ ረከብነ ሕይወተ። ክርስቶስ ስለ ዝተወልደን ዝተሰቐለን ሕይወት ረኸብና።

፳፩፡ ከመ ኪኸውን ከሎ ከመ ተስቅለ ክርስቶስ ከመኒ ሞተ ነአምር። ክርስቶስ ከም ዝተሰቐለን ከም ዝሞተን ንፈልጥ ኢና።

፳፪፡ እመ ኪኸውን ከሎ እመ፡ ረከበ ጻድቅ ይትፈሣህ፡ ሕ እመኒ ኃጥአ ኢየኃዝን። ጻድቐ እንተ ረኸበ ደስ ይብሎ እንተ ስአነ ድማ አይጕህን እዩ።

፳፫፡ ቅድመ ኪኸውን ከሎ ድኅረ ተወልደ ወልድ እማርያም ተነግረ በወንጌል ቅድመኒ ይትወለድ ተነግረ በኦሪት። ወልድ ካብ ማርያም ምስ ተወልደ ብወንጌል ተነግረ። ከይተወልደ ድማ ብኦሪት ተነጊሩ ነበረ።

፳፬፡ ድኅረ ኪኣቱ ኸሎ ቅድመ ትለድ ማርያም ድንግል ይእቲ። ድኅረሂ ወለደት ድንግል ይእቲ። ማርያም፡ ከይወለደት ከላ ድንግል እያ። ምስ ወለደትውን ድንግል እያ።

፳፭፡ ዘ፡ ኪኸውን ከሎ ዘጸመ ለእግዚአብሔር ጸመ። ዘኒ፡ ዘሂ፡ በልዐ ለእግዚአብሔር በልዐ። ዝጸመ ንእግዚአብሔር ጸመ። ዝበልዐ ድማ ንእግዚአብሔር በልዐ ብማለቱ ይርአ።

፳፮፡ ዓዲ ድማ፡ ገና፡ ኪኸውን ከሎ ቅድሚ ነገርን ድኅሪ ነገርን ይኣቱ። ተስቅለ ዓዲ ተቀነወ ይስቀል ዓዲ። ይትቄነው። ብኹነትን ብትእዛዝን ከምዚ ኢሉ ይኣቱ።

፳፯ ወ፡ ከኣ ውጥን ኣብ ርእሲ ምኾኑ። ፳፰፡ ነገር ይኸውን። ንሳቶም ነ፡ ኣኺ፡ ለ፡ላ፡ ሊ፡ ል፡ በ፡ ባ፡ ከ፡ ካ፡ ከም እምበር ሞ ምስ ጊዜ ከ ብደኃር ዝተረስዐ ሽለልታ። አኃዝ ጠቐላሊ ፊጺሙ እና ዓሚቑ (ጥልቅ) ክ፡ ግና፡ እዮም።

ዐቢይ አጋባብ ፲፯ ቑ፱፬-፳፯ ርአ።

፳፰፡ ወ፡ ም፡ ኪኸውን ከሎ ኣብ ዓቢይ ኣገባብ ምዕ ፩፡ ቑ፲፱-፳፩፡ ተጻሒፉ ክትረክብ ኢኻ ኣብኡ ተመልከት፡ ምስ እኳ ክሳዕ ጥልቅ ወይ ድማ ናይ ኵሉ ምስክር ኣብ ዓቢይ አገባብ ምዕ ፲፯፡ ቑ፱፬፡ ክሳዕ ፳፯ ርአ።

፳፱፡ ወ፡ ክ፡ ኪኸውን ከሎ ምስ ኣይ ምስ ምንት ክሳዕ እፎ ኣብ ዘለዉ ንኡሳን ይኣቱ። ንኣብነት አይ ሕማምከ። ወአይ ሞትከ ምንት ተቀትሎትከ፡ ከመ ላህም ወምንት፡ ተስቅሎትከ ከመ ስራቂ።

፴፡ ሚበዝኑ እለ ይሳቅዮኒ ወሚ በዝኑ እለ ይጸልኡኒ መኑ ጻድቅ፡ ወመኑ ኃጥእ።

፴፩፡ አየ ስትየ ስታየ ወይነሁ ወሚመ ሐሊበሁ ማእዜ ይመውት ጸላኢ ወማእዜ ይስዓር ስሙ። አይቴ አሐውር እመንፈስከ ወአይቴ እጐይይ እምቅድመ ገጽከ።

፴፪፡ ክርስቶስ እምአርዳኢሁ ስፍነ ስመየ ሐዋርያተ ወስፍነ፡ ስመየ አርድእተ። እስፍንቱ ኃልቁ ወእስፍንቱ፡ ድኅኑ።

፴፫፡ በኑ ተቀሣፈ ወቦኑ ተቀነወ። የሐምምኑ፡ ኤልያስ ወይመውትኑ ሄኖክ።

፴፬፡ እፎ ሞተ ወእፎ ተቀብረ እፎኑመ ዐርገ። ወእፎኑመ ወረደ ብምባሉ ዚመስሎ፡ ኾሉ የርኢ። በዚ ኾሉ “ወ” ትርጕሙ ከ፡ ከምዝኾነ አስተውዕል። ግና ኪኸውን ከሎ ደኃር ከነምጽኦ ኢና።

፴፭፡ ዓዲ ድማ፡ ኣብ ርእሲ ምኻኑ ፬፡ ነገር ይኸውን እዩ። እንታይን፡ እንታይን እንተ ተባህለ። ገና፡ ሕጂ እንሆ ከምኡውን እዮም።

፴፮፡ ገና ኪኸውን ከሎ እስመ ከመ ኀበ እንዘ ዘ፡ በይነ በዘ አመ እመ ይጸዓንዎ።

፴፯፡ እስመ ኪጸዓኖ ኸሎ፡ ኢሞተ ኤልያስ፡ እስመ ዓዲ ዕድሜሁ። ንኤልያስ ዕድሚኡ ገና እዩ፡ እሞ አይሞተን።

፴፰፡ ከመ ኺጸዓኖ ኸሎ ነአምር ከመ ዓዲ ዕድሜሁ ለኤልያስ። ዕድመ ኤልያስ ገና ከም ዝኾነ ንፈልጥ ኢና።

፴፱፡ ጎበ ኪኸውን ከሎ ቦ ኤልያስ በገነት ጎበ ዓዲ ዕድሜሁ፡ ኤልያስ ዕድሚኡ፡ ገና እንተ ደኣ ኾይኑ ኣብ ገነት ይነብር እዩ።

፴፡ እንዘ ኪኸውን ከሎ እንዘ ዓዲ ፍሬሁ ለእክል ኢይደልዎ ተዐዕዶ እክሊ ፍሪኡ ገና ኸሎ ወይ ገና ከይበጽሐ ኪኣጸድ ኣይግብኦን እዩ። በል።

፴፩፡ ዘ ኪኸውን ከሎ ቦ፡ ኤልያስ በገነት ዘዓዲ ዕድሜሁ። ዕድመ ኤልያስ ገና እዩ፡ ኣብ ገነት ከኣ ይነብር።

፴፪፡ በይነ ኪኸውን ከሎ በይነ ዓዲ መንግሥቱ፡ ለቴዎድሮስ የኅዝኑ ግፉዓን ወይትፈሥሑ ገፍዕያን መንግሥቲ ቴዎድሮስ ገና፡ ስለ ዝኾነ ግፉዓት ኪኃዝኑ እዮም። ገፋዕቲ ግና ደስ ኪብሎም እዩ።

፴፫፡ በዘ ኪኸውን ከሎ ኢሞተ ኤልያስ በዘዓዲ ዕድሜሁ። ኤልያስ ዕድሚኡ ገና ስለ ዝኾነ ኣይሞተን።

፴፬፡ ኣመ ኪኸውን ከሎ ኣመ ዓዲሁ ፍሬሁ፡ ለእክል ኢይደልዎ ተዐዕዶ። እኽሊ ፍሪኡ ገና ናይ ምዕጻድ ጊዜኡ ኸይበጽሐ ኸሎ ኪዕጸድ ኣይግባእን እዩ።

፴፭፡ እመ ኪኸውን ከሎ ቦ፡ ኤልያስ በገነት እመ ዓዲ ዕድሜሁ። ኤልያስ ዕድሚኡ ገና፡ እንተኾነ ኣብ ገነት ይነብር ኣሎ።

፴፮፡ ሕጂ እንሆ ኪኸውን ከሎ ዓዲ መጽአ እንሆ ሕጂ መጸ። ዓዲ ይምጸእ እንሆ ሕጂ ይምጸእ። ብምባሉ ዚመስሎ ኮኑ የርኢ።

፴፯፡ ከምኡውን ኪኸውን ከሎ ይነግሥ ቴዎድሮስ በምንበረ ዳዊት ወልደ እሴይ። ወይፈትሕ ዓዲ ፍትሐ ለግፉዓን። ብምባሉ የርኢ።

፴፰፡ ወ፡ ሂ፡ ኒ፡ ስ፡ ባሕቱ ግና ይኸውን እዩ። ኣብ ብትን ሰዋስዉ ወ፡ ቅድሚ ሂ፡ ኒ፡ ስ፡ ደሓር ባሕቱ ቅድምን ደሓርን ይኣትዉ። እወንታ ብኣሉታ ንኣሉታ ብእወንታ ያነስሩ። ስማቶም ክፍሊ ይብሃል።

፴፱፡ ናይ ጽድቂ ብኣሉታ ከነጽሩ ኸለዉ፡ ኮኑ ስብእ እምከመ በጽሐ ፍጹመ ለአእምሮ። ይገብር ኃጢኣተ ወማርያም ማርያምኒ፡ ማርያምኺ፡ ማርያምስ። ባሕቱ ማርያም። ማርያም ባሕቱ እም አመ ተፈጥረት እስከነ ሞተት ኢገብረት ኃጢኣተ።

፵፡ ናይ ኣሉታ ብእወንታ ኬነጽሩ ኸለዉ ኢመሐረ ይሁዳ ወንጌለ ወሐዋርያት ሐዋርያትኒ ሐዋርያትሂ፡ ሐዋርያትስ፡ ሐዋርያት ባሕቱ፡ ባሕቱ ሓዋርያት በእንተ ዘኢኮኑ ከማሁ መሐሩ ይብል።

፵፩፡ ወ፡ ሰ፡ ባሕቱ ግና ኪኾኑ ኸለዉ፡ ከምኡ ከኣ ካብ “ሂ” ን ካብ “ኒ” ን ተፈልዮም። ቅድም ብዝረኸብዎ ትርኣስ እናኾኑ ይኣትዉ። ኣብ ቅጽል ወዲቕም ዘርፊ ኣብ ዘርፊ ወዲቕም ቅጽል ኣብ በዓል ቤት ወዲቕም ቅጽል ዘርፍ ኣይክልክሉን እዮም። ምሳሌ ድማ ኣይጋርዱን እዮም።

፵፪፡ ናይ ሓደ ንብዙኅ ናይ ብዙኅ ንሓደ ናይ ሰበይቲ ንሰብኣይ ናይ ሰብኣይ ንሰበይቲ ናይ ቀረባ ንርሑቕ ናይ ርሑቕ ንቐረባ ናይ ባዕዲ ንዘመድ ናይ ዘመድ ንባዕዲ። ናይ ክፉእ ንሠናይ ናይ ጽድቂ ንኣሉታ ናይ ኣሉታ ንጽድቂ የነጽሩ።

፵፫፡ እዚ ድማ ከምዚ ዚስዕብ እዩ፡ ለክቡርስ ለክቡር ባሕቱ ኣዳም አምላኩ ተስቅለ ለአደምስ ለአደም ባሕቱ አምላኩ ተስቅለ። ኣምላኩስ ለኣዳም ኣምላኩ ባሕቱ ለኣዳም ተስቅለ።

፵፬፡ ሞተ አምላክ ከማሁ ወከማሁ ባሕቱ ከማሁስ ኢሞቱ ዮሓንስ ወገሪማ። ድንግል ሞተት ባሕቱ ከማሃ ወከማሃ ኢሞተ ዮሓንስ። አምላክ ሞትከ ወከማከ ከማከዕ ኢምተ ዮሓንስ። አምላክ ሞትከ ወከማከ ከማከዕ ኢሞተ ዮሓንስ ጸድቀ ቄርሎስ ወኢጸድቀ ንስጥሮስ። ባዕድ ናይ ዘመድ ናይ ክፉእ ናይ ሠናይ ናይ ጽድቂ ናይ ኣሉታ ይኸውን እዩ።

፵፭፡ ስ፡ ባሕቱ ግና ይኾኑ እዮም። ክፉእን ሠናይን፡ ንእሽቶን ዓብን ንምኽፋል እዩ። ስ፡ ኪኣቱ ኸሎ ይሁዳ፡ ሂጦ ለክርስቶስ ቶማስስ ተሠይጠ ሎቱ ባሕቱ ኪኣቱ ኸሎ ሐና ቀሠፎ ለክርስቶስ ጴጥሮስ ባሕቱ ተቀስፈ ሎቱ።

፵፮፡ እስራኤል ጸልእዎ ለሙሴ ሙሴስ ሙሴ ባሕቱ ተዓገሦሙ ለእስራኤል ባዕል ይነውም በወርቅ ነዳይስ ነዳይ፡ ባሕቱ ይነውም በመሬት ብምባሉ ይርአ።

፱፲፤ ስ፡ ተፈልዩ ብአገባብ ትርአስ እናኾነ አትዮ ግና ይኸውን። ንኣብነት ተክለ ሃይማኖት ረከበ ክብረ ጎበ ጸለየ ጸሎተ ጎበስ ኢጸለየ: ጸሎተ መኃቅያን ኢረከበ ክብረ።

፱፲፩፡ ጊዮርጊስ ተወክፈ ክብረ አመ ተጋደለ አመስ፡ ኢተጋደለ ገድለ መስፍነ ልዳ። ውእቱ። ከመ ለብስ ሥጋ እግዚእነ ንሜህር። ከመስ ኢለብስ ሥጋ መሀረ ይሁዳ።

፱፲፪፡ ንረክብ ክብረ እመ ንፈቅር ጸመ እመስ ናፈቅር መብልዐ ንረክብ ጎሠረ ኃደሩ በኦሪት እለ ተፈጥሩ ቅድመ ድኅረስ እለ ተፈጥሩኅደሩ በወንጌል ኢተቀንዮ እስራኤል። ለሞት ድኅረ ተወልደ እግዚእ ቅድመስ ይትወለድ፡ እግዚእ ቀነዮሙ ሞት። ለእስራኤል። ዘአምነ በእግዚአብሔር ይድኅን እምት ዘስ ኢአምነ ይትኬነን ብምባሉ የርኢ።

፱፲፫፡ ባሕቱ ተፈልዮ ግና ይኸውን ቅድሚ ነገር ይውዕል። ስሎምን አእመረ ጥበበ ባሕቱ ኢድኅነ እምት ክህደ ጴጥሮስ ከመ ኢየአምሮ ለክርስቶስ ባሕቱ ነስሐ። ድኅረ። በእንተዝ ብምባሉ ዚመስሎ ኮሉ የርኢ።

፱፲፬፡ ወ፡ ሂ፡ ኒ፡ ጥቀ፡ እኳ ይኾኑ እዮም። ኣብ ብትን ኣብ ንኡስ አንቀጽ ወ ብቕድሚት ሂ፡ ኒ፡ ጥቀ፡ ብደኃር፡ ይኣትዉ። መልዓሊኦም ካብ አይ ካብ ምንት ክሳዕ ሁ፡ ኑ፡ ዘለዉ፡ አልቦ ኢ፡ እዮም። ከተእቱ ኽሎኻ ድማ መናንያነ ዝ፡ ዓለም በፍጹም ልቦሙ ጊዜ ጸኣቶሙ እምኄሁ ኢይነሥኡ ወርቀ። ነሚአ ወርቅስ ይትርፍ ወስንቀ ዕለት ሰንቀ ዕለትሂ ስንቀ ዕለትኒ ስንቀ ዕለት ጥቀ ኢይእኅዙ በል። እቲ ዝተረፈ ድማ ከምዚ እናገርከ አሰማሚዕካ አእቱ።

<u>፪ይ ክፍሊ ትርአስ ትርጋጽ</u>

፱፲፭፡ ትርአስ ርእሲ ይኸውን። ብባዕዲ ይዝርዘር ትርኡ ትርአሲሁ እናበለ ይረብሕ። ትርጋጽ እግሪ አፍአ ደገ ውስጥ ወሳጤ ውሳጢት ውሽጢ ይኾኑ።

፱፲፮፡ ቅድም ፍጽም ገጽ ይኾኑ። አንጻር ምንጻር መንጸሪ ኣፍዛዚ ንጽጽር ይኾኑ። ድኅረ ከዋላ ደኃር ይኾኑ።

፱፲፯፡ ድኅሪት ግንጽሊት ግፍትዒት ናይ ደኃረት ይኾኑ። መእስሪኦም ተዐስረ ወድቀ እዮም። የማን ይምን ጸጋን ጽግም ይኾኑ። ኪኣቱ ኽሎ ድማ ወድቀ ዔሊ ድኅሪተ ግፍትዒተ ግንጸፏሊተ። ተኣስረ አምላክ በሥጋ ድኅሪተ ግፍትዒተ ይብል።

፱፲፰፡ ጽፍሕ ጽንፍ ጽንፊፍ ጽነፍ ክንፍ ክንፊፍ ክነፊ ክንፊር ሐይቅ ድንጋግ ገበዝ ወሰን ወሰን ይኾኑ።

፱፲፱፡ ክንፍ ኘኾሉ ጽንፍ ጽፍሕ ንቦታ ሐቅ ክንፊር ንባሕር ድንጋግ ንባሕርን ንዘመንን ገበዝ ንርባ ንሰብ ወሰን ብዘይ ክዳንን ብዘይ ኅብስትን ኘኾሉ ይኸውን።

፱፳፡ አድያም ደወል ብሔር አውራኛ። ኣድያም ንሃገር ንደወል ንርባ ወሰን ይኸውን። ማእከል ይኸውን መእሰሪኣኡ በጽሐ ቀርበ ርእየ። ሐወጸ እዮም።

፱፳፩፡ ኪኣቱ ኽሎ ድማ በጽሐ በማእከለ ሀገር ርእየ ማእከለ ሃገር ይብል። ኣገባብ ይስማምየም ሐረ ሮፀ እዮም።

<u>ምዕራፍ ፬</u>

<u>ተ</u>

፩ይ ክፍሊ ዝየ ለፌ ህየ ከህ ጥቓ ዓውድ ጋድም ቅድም ድኅረ ጥንት ፍጻሜ።

፩፡ ዝየ ኣብዚ በዚ። ለፌ ናብዚ ህየ አብኡ ብእኡ ካህ ንየው ከህተ ንዮዎት ይኾኑ። ኣብ ዝተራእያ ነገር ኣሎ አጸፋ ኣብ ዝተራእየ ነገር ኣብ ቦታ ዐጸፉ ይንገሩ። ኣብ ዝተራእየ ነገር ኪኣቱ ኽሎ ሮፀ ሕፃን እምዝየ እስከ ከህ። ኣብ ዘይተራእየ። ኪኣቱ ኽሎ ሰበከ ጴጥሮስ እስከ ሮምያ ወእምህየ ወእምከህ ይብል።

፪፡ ጥቃ ጐረቤት ሕፅን ጐቦ ጐኒ ይኸውን። ጥቓ ጐረቤት ገቦ፡ ኘኾሉ። ሕፅን ንቦታ ንኣካል ጉንዲ ንእምባታት ንኮረብታ ይኾኑ ቅድም ዝተነግሩ ፫ ናይ ቦታ ኣገባባት ይሰማሞየም።

፫፡ ጽጉ ጸግዒ ይኸውን። ንቦታ ንሓጹር ንቤት ይኸውን። ዓውዲ ዙርያ ይኸውን። ኣገባቡም ቦታ እዩ ግድም፡ አግዳሚ ይኸውን። ብ፡ እም፡ ይሰማምየም። ቅድም ቀዲሙ አቐዲሙ አቅዲሙ ቀዳሚ ቅድም። ይኾኑ ብደጊመ ቃል ይንገር።

፬፡ ኮለሄ ጎበ ኮሉ ምስ ኮሉ ይኾኑ ብስም ዘርኢ፡ ብምሥጢር ቦታ እዮም። እም ይሰማምየም። ብ፪ተ ኣርእስቲ ሳድስ ቅጽል ስሓቢ ዝርኢ ብ፭ተ ኦርእስቲ ብሣልስ ቅጽል። ኣብ ንኡስ ኣርእስቲ ይንገሩ።

፭፡ ቅድመ መቅድመ ቀዲሙ ኣቅዲሙ ቀዳሚ ቀደም ኣቐዲሙ፡ ይኾኑ። ቀደም ኪኾኑ መቅድመ። ብ፩ደ፡ ተባዕታይ እቶም ዝተረፉ ኣብ ኮሉ ብ፭ተ ኦርእስቲ ኣቐዲሙ ኪኾኑ ኸለዉ። ብ፫ተ ኣርእስቲ ይንገሩ። ብዘይ መቅድመ ቅድም ይኾኑ።

፮፡ ድኅረ ድኅሪ ከዋላ ደኃር ይኾኑ ኣገባቦም ክሳዕ እዩ ይነብሩ ሙታን ውስተ መቃብር። እስከ ይትነሥኡ ድኅረ ወይ ድኅረ ከዋላ እናበልካ ኣእቱ። ድኅረ ድኅሪ ከዋላ። ብደኃር ተኸቲሉ ኣኸቱሉ ይኾኑ።

፯፡ ጥንት መሠረት መጀመርታ ይኾኑ ፍጻሜ ተፍጻሜ ተፍጻሜት ተፍጻም መወዳእታ ይኾኑ ትማልም ትካት ዓለም ድሮ ይኾኑ።

፰፡ ትማልም ትካት ኣብ ነባር ኣንቀጽ ኣብ ዘማቲ ኣንቀጽ ኣብ ቀዳማይ ኣብ ካልዓይ ይንገሩ። ኣብ ነባር ኣንቀጽ ኪኣቱው ኸለዉ ዘትማልም ወይ ዘትካት ይብል።

፱፡ ኣብ ዘማቲ ኣንቀጽ ኪኣትው ኸለዉ ነበረ እምትማልም ነበረ እምትካት ብኻይልዓይ ይነብር በል።

ዓለም ብዘይ ኣገባብ ኣይንገርን እዩ። (ቀኍ፡ ፲፩ ርኢ።

፲ይ ክፍሊ ትማልም ኣሜር ኣስፈር ካልእውን ብዙኅ ደቂቅ።

፲ ትማልም ኣሜር ኣስፈር ዓሚ ይኾኑ። ሀረፍ ዮም ገሪፍ፡ ሎም ዘመን ይኾኑ። ካብ ቀዳማይ ኣብ ካልኣይ ይንገሩ። ጽባሕ ንዓመታ ይኾኑ። ኣብ ካልዓይ ኣብ ሣልሳይ ይኣትዉ። ኪኣትዉ ኸለዉ ድማ ይቤሎ ብእሲ ለዘይቤሎ ይመጽእ እጉከ ዮም ይምጻእ ጌሠመ ይምጻእ ሳኒታ ይብል።

፲፩፡ ትማልም ትማሊ ይኾኑ ዮም ይእዜ ሎሚ ይኸውን። ኮሉ ድማ መልዓሊ መዕለቢ ይኾኑ። ንመልዓሊ እም ንመዕለቢ ክሳዕ ግበር። ጌሠም ሳኒታ ጽባሕ ይኸውን።

፲፪፡ ንዕስ ናዕስ ንእስነት ይኾኑ ርዕስ ርስዕ ርስዓት እርግና ይኾኑ። እም ይሰማምየም። ዓ ዲ ዮጊ ናሁ ዮም ይእዜ ሕጂ ይኾኑ። ኣብ ነባር ኣብ ዘማቲ ኣንቀጽ ዓዲ ዮጊ ናሁ ይንገሩ።

፲፫፡ ዮም፡ ይእዜ መልዓሊ መዕለቢ ይኾኑ። ብጽድቂ ብኣሉታ ይንገሩ። መልዓሊኦም እመ ሰበ ኣመ ዘ እዮም። በዚኣቶም ኣንቀጽ ኣይ ማእዜ ይስሓቡ እዮም። መእሰሪኦም፡ ይቤ እዩ።

፲፬፡ ዓዲ ግና ይኸውን ኣብ ኣካል ኣብ ንኡስ ኣንቀጽ ይኣቱ። ኣብ ሣልሳይ ኪኣቱ ኸሎ እስመ እንተ ደኣ ኣንቀጽ ይሰማማዕ ዓዲ ካዕበ ዳግመ ከምኡውን ይኸውን። ብደጊመ ቃል ይንገሩ።

፲፭፡ እንከ እምዮም እም ይእዜ ኣብ ሕጂ ይኾኑ። ስ፡ ክ፡ ኪኸውን ከሎ ትርኢስ እናኾኖም ኣብ ቀዳማይ ኣብ ካልኣይ ኣብ ሣልሳይ ይኣትዉ። ኣብ ቀዳማይ ኪኣትዉ እመ ኒ፡ ትርኢስ ኪኾኖ ከሎ ይኽትሎ ኣኮኑ ኣንጻር ይኸውን።

፲፮፡ ኮሎ ጊዜ ኮሎ ስዓ ኮሉ ጊዜ ይኾኑ። ኮሎ ዕለተ ኮሎ ኣሚረ፡ ኮሉ መዓልቲ፡ ይኸውን ምሥጢሮም በ እዩ። ኣብ ነባር ኣብ ዘማቲ ኣንቀጽ ይንገሩ።

፲፯፡ ወትር ዝልፍ ወትሩ ይኾናሉ ብዘርፍነት ይንገሩ። ወትረ ዘልፈ ለዝሉፋ ለዝላፉ ውቱረ ዝሉፈ ዘወትር ይኸውን።

፲፰፡ ኮለንታ ኮለንትና ይኸውን። ጠባይዕ ባሕርይ ብቑሙ ብኣካል፡ ሕዋስ መንፈስ ነፍስ ነፍስት መሌሊት ህላዌ ኣካል ብልዕቲ። ኮሉ ኮሉ ቅጽል እናክዕናም ከም ኮለንታ ይፍትሑ።

ደቂቅ ኣገባብ ተፈጸመ።

፭. ደቂቕ ረባሕታ

ኣብ ብትን ኣመል እናረብሐ፡ ኣብ ኣንቀጽ ኣመል ቀረባን ርሑቕን ሓደን ብዙኀን ኣንስታይይን ተባዕታይን ዚፈሊ ደቂቅ ረባሕታ ይብሃል። ነባር ኣንቀጽ ድማ ደቂቕ ረባሕታ እዩ።

ናይ ደቂቕ ረባሕታ ኣርእስቲ።

ደቂቕ ረባሕታ ኣብ ፬ ምዕራፍ ይኽፈል።

ምዕ ፩ ኵሉ ባሕቲቱ ዕራቁ ከንቱ በክ ውእቱ ኪያከ ለሊሁ ኪያሁ በበይናቲሁ ናሁ። ፩-፳፩።

ምዕ ፪፡ ውእቱ ሎ፡ ሎቱ፡ ኣኮ። ቊ ፩-፲።

ምዕ ፫፡ ከዋኒ ጽውዕ ስሙይ ባህል ቀፀ-፳፭።

ምዕ ፬፡ እወ እንጋ ኣብሪል። ሀብ ኦሆ ዕንቋዕ ኣይ ኣህ፡ ኣ፡ ብኀራትከ፡ ቦ፡ ኣልቦ፡ ንቡር ህልው ካብዚ ዚበዝኑ ብዙኃት ናይ ደቂቅ ረባሕታ ኣብዚ ስሞም ዘይተጸውዐ ኣብ ነፍስ ወከፍ ሞራፍ ይርከቡ እዮም። ቊ ፩-፳፪።

<u>፩ይ ምዕራፍ፡</u>

፩፡ ኵሉ ኵሉ ብቑሙ ይኸውን ብ ፯ ሠራዊት ይረብሕ። ፯ ሠራዊት ዝተባህሉ ድማ ርሑቓትን ቀረባን። ሰብኡት። ርሕቕቲ ሰበይትን ርሑቓትን ቀረባን ኣንስቲ፡ ንሕነ እዮም።

፪፡ ርሑቕ እቲ ርቑቕ ብዘይ ዓጸፉ ይንገር። ቀረባ እቲ ቐረባ ግና ብዘይ ዓጸፋ ኣይንገርን እዩ። ብዓጸፉ ኪንገር ከሎ ተስባሕክሙ ኣ ሃዋርያት በሰቢከ ወንጌል ወኮልክሙ ስማዕተ ኮንክሙ።

፫፡ ኵሉ ብዓል ኪጽውዕ ከሎ ብዘይ ናይ ተጸውየ ስም ኀኾሉ ብትን ሰዋስዉ ቐጽል ይኸውን። ብዘይ ብዓል ቤት ብቑዕ ይኸውን። ኵሎሙ፡ ኵላ ኵልክን ኵልነ ይብል።

፬፡ ባሕቲቱ በይኑ ብሕቱ ይኸውን ናብ በዓል ቤት ኪቐርብ ከሎ ቅጽል ይኸውን። ካብ በዓል ቤት ኪርሕቐ ከሎ ተሰሓቢ ይኸውን።

፭፡ ተሰሓቢ ኪኸውን ከሎ ኢይከውን ሥጋ መድኃኒተ ባሕቲቶ ይብል። ብፀተ ሠራዊት ይረብሕ። ኣብ ነባር ኣንቀጽ ኣብ ዘማቲ ኣንቀጽ መእሰሪ ይኸውን ኣብ ነባር ኣንቀጽ መእሰሪ ኪኸውን ከሎ ፭ ኣገባባት ይኽተልዎ። ፭ቲኡም ከኣ እንዘ ቅድመ እስከ እመ ሶበ መዋዕለ ድኀረ እዮም።

፮፡ ኣኮ ሥጋ ባሕቲቱ እምድኀረ ተዋህደ እመ ተዋሐደ ሰበ ተዋሐደ። ኣመ፡ መዋዕለ ተዋሐደ ይብል። ኣኮ፡ ኣብ ባሕቲቱ እምቅድመ ይትወለድ እንዘ ይትወለድ እስከ ይትወለድ ወልድ እምርያም።

፯፡ ባሕቲትከ ባሕቲቶሙ ባሕቲትክሙ። ባሕቲታ። ባሕቲትኪ ባሕቲቶን ባሕቲትክን ባሕቲትነ ባህቲትትየ። ባሕቲታዊ ብሕትዋን ባሕታውያን። ባሕቱት ባሕታዊት፡ ብሕትዋት፡ ባሕታውያት። በቀናንዓ ከም ባሕቲቱ እዮም ዚፍትሑ።

፰፡ ዕራቁ ዕራቕቱ ይኸውን። ካብ በዓል ቤት ኪርሕቐ ከሎ። ቅጽል ይኸውን ናብ በዓል ቤት ኪቐርብ ከሎ ተሰሓቢ ይኸውን ኣገባቡ ከም ባሕቲቱ እዩ።

፱፡ ብፀተ ሠራዊት ይረብሕ ብነባር ብዘማቲ ኣንቀጽ መእሠሪ ይገብር። ብነባር ኣንቀጽ ኬእስር ከሎ እቶም ናይ ቅድም ፭ ኣገባባት ይኽተለዎ። ብርሑቅ በቲ ርቑቕ ብዓጸፉ ዘሎ ኣጸፉድማ ይንገር። ኣብ ቀረባ ዘሎ፡ ዓጸፉ ግና ኣይንገርን እዩ።

፲፡ ዕራቅከ ዕራቆሙ ዕራቅክሙ ዕራቃ ዕራቅኪ ዕራቆን ዕራክን ዕራቅየ ዕራቅነ ይብል። ዕሩቅ፡ ዕሩቃን ዕርቅት ዕሩቃን በቀናንዓ ከም ዕራቑ ይፍታሕ።

፲፩፡ ከንቱ በክ ብላሽ ይኸውን። ከንቱ ንሃደ ተባዕታይ ብዓል ቤት ኪጽውዕ ከሎ ቅጽል ይኸውን ብዘይ ብዓል ቤት ብቑዕ ይኸውን። በክ በቂ ይኸውን ፀዓዳ፡ ፃዕዳ ይኸውን። ብዓል ቤት እንተ ሓበረ ንሓደ ተባዕታይን ንሓንቲ ኣንስተይትን ቅጽል ይኸውን ብዘይ ብዓል ቤት በቂ ይኸውን ፀዓድዉ ፀዓዱ ይኾኑ። ኣኻይዳኡ ከም ሓደ እዩ።

፲፪፡ ውእቱ ዝኩ ዝስኩ ዝክቱ እቲ። ዝንቱ እዚ ውእቶሙ እልክቱ እሙንቱ እቲኣቶም እሉ እሎንቱ፡ እዚኣቶም። ይእቲ እንታክቲ እንትኩ እቲኣ ዛ ዛቲ እዚኣ ውእቶን እልኩ እማንቱ ንሳተን እላ እሎን እላንቱ እዚኣተን ይኸውን።

፲፫፡ እሙንቱ እሉ እዚኣቶም አትሪፍካ ብግዕዝ ይንገሩ። ብዝተራእየ ብዘይ ዓጸፉን ብዓ ጸፋን ይንገሩ። ብዘይተራእየ ብመእሠሪ ብአንቀጽ ብበዓል ቤት ብዘርፌ ዓጸፉ ይንገር ብበዓል ቤት ዓጸፉ ኪንገሩ ኾለዉ ሰበከ ጴጥሮስ ሃይማኖተ ወውእቱ ተሰቅለ።

፲፬፡ ብመእሠሪ ኪዕጸፍ ከሎ፡ ወበውእቱ ስብከት ተሰብሐ ብዘርፍ፡ ፌ ኪዕጸፍ ከሎ ሰበከ ጴጥሮስ፡ ትምህርተ ወንጌል ወበውእቱ ወንጌል አእመነ ስብአ። ስምን ወርቅን ነንባዕሎም ይዕጸፉ እዮም።

፲፭፡ ውእቱ ንሱ እንተ ብቑም ተራፌ ውእቶሙ እሙንቱ ንሳቶም። አንትሙ ንሸኻትኩም። ይእቲ ንሳ። እንቲ ንሸኺ። ውእቶን እማንቱ ንሳተን። አንትን፡ ንሸኻትክን አነ ብቑሙ ንሕነ ንሕና ይኾኑ።

፲፮፡ ዘይዘምት አይወድቆምን። አገባቦም ወ፡ ሂ፡ ኒ፡ ዓዲ፡ ን፡ ወ፡ ሂ፡ ኒ፡ ስ፡ ባሕቱ ግና ኪኾኑ ኾለዉ። ስ፡ ተፈልዩ ስ፡ ከ፡ ሞ፡ ይኸውን። ባሕቱ ተፈልዩ ግና ይኸውን። ወ፡ ሂ፡ ኒ፡ ጥቂ፡ እኳ ይኸውን። ጥቂ ተፈልዩ ኣሽምባይ፡ ሁ፡ ኑ፡ ት፡ ን፡ ዚኾኑ እዮም።

፲፯፡ ብዓጸፉ ዚንገሩ ስ፡ ስ፡ ሞ፡ ኪኸውን ከሎ ይቤሎ ለዘይቤሎ ሕውኑ እጉክ ውእቱሰ ሞተ። ኸ ኪኸውን ከሎ ሁ፡ ኑ፡ ት፡ ን፡ ይሰማምዕዎ እዮም። ይቤሎ ለዘይቤሎ መጽኡ ለእካኢሁ ለንጉሥ ውእቱሰ ተርፈኑ ተርፈሁ። ወይቤሎ ጥቂ ውእቱ ሥሩመ ዚአሁ ጥቂ ኢመጽአ ብአግብሮ ተገብሮ ብአግባሪ ገባሪ ብምግብባር ተገባባሪ እናኾኑ አይንገሩን እዮም።

፲፰፡ ኪያሁ ንሱ ኪያክ ንሸኻ ኪያክ ኪያሆሙ ንሳቶም ኪያክሙ ንሸኻትኩም። ኪያሃ ንሳ ኪያኪ ንሸኺ ኪያሆን ንሳተን ኪያክን ንሸኻትክን ኪየየ ፡ አነ ኪያነ፡ ንሕና። ይኸውን። ብዓጸፉ ይንገሩ። ብተገብሮ ተቐባል ግብሪ ብአግብሮ ገባሪ። ብአግብሮ አግብሪ ብምግብባር አገባባሪ። እናኾኑ አይንገሩን እዮም። ኣኻይዳኦም ከኣ ከም ውእቱ እዩ።

፲፱፡ ሎቱ ንእኡ ንሱ ለከ ንኣኻ ንሸኻ። ሎሙ ሎቶን ንኣተን። ንሳተን። ለክሙ ንኣኻትኩም ንሸኻትኩም ለቲ ንእኣ። ንስ ለኪ ንኣኺ ንሸኺ። ሎን ሎቶን ንእኣተን ንሳተን። ለክን ንኣኻትክን ንሸኻትክን ሊተ ልተ ንኣይ አነ። ለነ ንኣና ንሕና ማለት እዩ።

፳፡ ለሊሁ ንሱ ባዕሉ። ለሊካ ንሸኻ ባዕልኻ። ለሊሆሙ ንሳቶም ባዕሎም። ለሊክሙ ንሸኻትኩም። ለቃሃ ንሳ ባዕላ። ለሊኪ ንሸኺ ባዕልኺ። ለሊሆን ንሳተን ባዕላተን ለሊክን ንሸኻትኩም። ለልየ አነ ባዕለይ። ለሊነ። ንሕና ባዕልና። ይኾኑ።

፳፩፡ ብዘርፍን ብተሰሓቢ ዓጸፉን ይንገሩ። ብጽዲ ብኣሉታ ኬእስሩ ኾለዉ እንዘ ይሰምምየም፡ እዩ። መሀረ ክርስቶስ መጥዎተ፡ ርእሰ እንዘ ለሊሁ ይሜቱ ርእሶ። ብኣሉታ ኬእስሩ ኾለዉ እስመ አምጣነ ኣኮኑ ኣብ ዝኣተውዎ አንቀጽ ይሰማምዑ። ኢክህደ ጴጥሮስ። ቃሎ ለእግዚእ እስመ ለሊሁ፡ ኣምጣነ ላሊሁ ኣኾኑ ለሊሁ ስማዕተ ኮነ። ኣኻይዳኦም ከኣ፡ ከም ውእቱ እዩ።

፳፪፡ ኪያሁ ንሱ ባዕሉ ኪያክ ንሸኻ ባዕልኻ ኪያሆሙ ንሳቶም ባዕላቶም። ኪያክሙ ንሸኻትኩም ባዕልኻትኩም። ኪያሃ ንሳ ባዕላ። ኪያኪ ንሸኺ ባዕልኻትክን። ኪያየ አነ ባዕለይ። ኪያነ ንሕና ባዕላትና ይኾኑ።

፳፫፡ በበይናቲሁ ነንበይኑ በበይናቲሆሙ ነንበይኖም። በበይናቲክሙ። ነንበይኻኩም። በበይናቲሃ ነንበይና። በበይናቲሆን ነንበይነን። በበይናቲክን ንንበይኻክን። በበይናቲነ ንሕና ብንሕና ንሓድሕድና። ይኾኑ። ኣገባብ አይሰምምየምን እዩ መእሰሪ አንቀጸም ምግብባር ምግባር እዩ።

፳፬፡ ናሁ ዮጊ ዮ ነዋ እንሆ ይኸውን ነዮሙ እነዉ። ነያ እንሃ። ነዮን እነዋ። ነየ እናኹ። ነየነ እንሆና ይኾኑ። ኣብ ነባር አንቀጽ ኣብ ዘማቲ አንቀጽ ብቑድም ብደኃር ይንገሩ መልዓሊኦም እንዘ ድኅረ፡ ኢ፡ እዮም። መእሰሪኦም አንቀጾም ይቤ እዩ።

፳፭፡ ናሁ መጽአ ናሁ ይመጽእ። ናሁ መጻእከ። ናሁ ትመጽእ ነዋ መጽኣ ነዋ ይመጽእ። ነዋ መጻእከ። ነዋ ትመጽእ። ነዋ መጻእኩ፡ ነዋ እመጽእ። ነዮሙ መጽኡ ነዮሙ ይመጽኡ። ነያ መጽአት ነያ ትመጽእ። ነዮን ይመጽአ ነየ መጻእኩ ነየ እመጽእ ነየነ መጻእነ ነየነ ንመጽእ እናበለ ይኣቱ።

ምዕራፍ ፪
ውእቱ ሎ፡ ሎቱ፡ አኮ

፩፡ ውእቱ እዩ ነበረ ንሱ ይኸውን ነበረ ይኸውን። አንተ ንሸኻ ኢኻ ነበርካ ትኸውን ነበርካ ትኸውን ኢኻ ኩን። ውእቶሙ እዮም። ነበሩ። ይኾኑ ነበሩ ይኾኑ እዮም። ይኹኑ። አንትሙ ኢኹም። ነበርኩም። ትኾኑ ነበርኩም። ትኾኑ ኢኹም ኩኑ። ይእቲ፡ እያ ነበረት። ትኸውን ነበረት። ትኸውን እያ። ትኹን አንቲ ኢኺ ነባርኪ። ትኾኒ ነበርኪ ትኾኒ ኢኺ። ኩኒ። ውእቶን እማንቱ እየን። ነበራ ይኾና ነብራ። ይኹና አንትን ኢኽን ነበርክን። ትኾና ነበርክን ትኾና ኢኽን። ኩና አነ እየ። ነበርኩ፡ እኸውን ነበርኩ። እኸውን እየ። ክኸውን። ንሕነ ኢና ነበርነ ኀኸውን ነበርና ኀኸውን ኢና ኀኹን።

፪፡ ውእቱ ነባር አንቀጽ እዩ። ዘበሎ እንታይ እዩ፡ እንተ ተባህለ፡ ካብ ዘርኢ ዘይምርካቡን ኣብ ንባብ ዘይምፍላዩን እዩ፡ ይብሉ።

፫፡ ብፀ አዝማች ብፓ ሠራዊት እናረብሐ ፬ አንቀጽ ይኸውን። እቲ፬ አንቀጽ ምስ ብትን ሰዋስዉ ብየዋህ ብፀተ ጸዋትው ብመሠርይ በ፬ተ ጸታ እናረብሑ። ፀ፬፬ን አንቀጽ ይኸውን።

፬፡ ውእቱ ናይ ነባር ናይ ጥረ ናይ ዘርኢ ናይ ሻዱሻይ ቅጽል ናይ ሣልስ ቅጽል ናይ ስሓቢ ዘርኢ ናይ ንኡስ አንቀጽ መእሰርን አንቀጽን ይኸውን ናይ ነባር አንቀጽ ኪኸውን ከሎ ናይ ጥረ ዘርኢ ይኸውን፡ ብአንቀጽ ብግሡ ናይ ፓልስ ናይ ሳድስ ቅጽል ይኸውን። ብአንቀጾም ይቕንዕ። ናይ ስሓቢ ዘርኢ ናይ ንኡስ ኪኸውን ከሎ ድማ ብኣብነት በብርእሶም ይፍትሑ።

፭፡ እዚ ድማ እስመ ኣምጣነ ኣብ ነባር ኪኣትዉ ኸለዉ ተመልከት። እንተ እለ ዘ፡ ኣብ ነባር ብዘማቲ አንቀጽ ኣብ ቀዳማይን ኣብ ካልዓይን እናኣተዉ ብንርሑቅ ብርሑቑ፡ ረርእሶም ይኽእሉ። ንቑረባ ብቑረባ ርሑቕ ይድርቡ። መእሰሪ አንቀጾም ውእቱ እዩ።

፮፡ ውእቱ ኣብ ግብሪ ለውጢ ንርሑቕ ብቑረባ ንቑረባ ብርሑቕ ንሓደ ብብዙኅ ንብዙኅ ብሓደ ንተባዕታይ ብአንስታይ ንአንስታይ ብተባዕታይ የዛርብ እዩ።

፯፡ ማርያም ኪሩቤል በፀዊረ አምላክ ለፀዊረ አምላክ በእንተ ፀዊረ አምላክ አንቲ ውእቱ ኪሩቤል ለፀዊረ አምላክ። በይነ እንበይነ በእንተ እም ኣብ ኣካል ለውጢ ብባዕሉ ዘርብ እዩ። ኪኣቱ ኸሎ ድማ እመ አምላክ ይእቲ ማርያም አንቀጽ ብአገባብ ይዘምት።

፰፡ ሎ፡ ሎቱ ነበሮ አለዎ ይነብሮ እዩ ነበረ፡ ይነብሮ እዩ። ይንበሮ ለክ ሎሙ ሎቶሙ ለክሙ፡ ላ፡ ላቲለኪ ሎን ሎቶን ለክን ልየ ሊተ ለነ ከምቲ ናይ ቅድም ይፍትሑ ብየዋህ ብፀይ ጸዋትው ብመሠርይ ብሓደ ያታ ይረብሑ። ቀዳማይ ማዕርግ ፫፻፹፮፡ ካልዐይ ማዕርግ፡ ፭፱፡ ሣልሳይ ማዕርግ ፱፭፡ ራብዓይ ማዕርግ ፴፫፡ አናቅጽ ይኾኑ።

፱፡ አኮ ሐስ ኢ፡ አይኮነን አይነበረን ኣይኸውንን እዩ። ነበረ አይኸውንን እዩ አይኹን። ኣኮ ብፓ ሠራዊት፡ ኢ፡ በ፬ተ ሠዘዊት ከምዚ ይንገሩ፡ ብፓ ሠራዊት ኪንገሩ ኸለዉ ኣኮ ሎቱ ሐስ ሎቱ አኮ ለክ ሐስ ለክ እናበልካ ክሳዕ ፲ አብጽሓዮ።

፲ አኮ ኢ ንኣሉታ ብጽድቂ ብውጥንነት የዛርቦ። ሐስ ብብትን ሰዋስዉ ምስ ዚኣቱ አገባብ የዛርቦ ተስሓብቱ ስሓቢ ዘርኢ ንኡስ አንቀጽ እዮም። ኣኻይዶኡም ከም ውእቱ እዩ።

ምዕራፍ ፫
ከዋኒ፡ ጽውዕ ስሙይ ባህል

፩፡ ከዋኒ ዝኾነ ዚኸውን ዝኾንካ እትኸውን ዝኾንኩ ዝኸውን ይኸውን። ከዋንያን ከዋኒት ከዋንያት ከም ርሑቕ ይፍትሑ። ኮነት ከዊን፡ ከዊኖት፡ ምኳን ይኸውን። ዘራኦም ክዋኔ እዩ። ኮነ ኾነ ይኸውን ዘማቲ አንቀጽ እዩ። ብዘይልወጥ ነገር ምግባር ይመስል። ንሱ ተገብሮ እዩ። ኣኻይዳኡ ከም ውእቱ እዩ። ኣሉታኡ ኢ፡ እዩ።

፪፡ ጽውዕ ተጸዋዒ ዝተባህለ። ጽውዓት ተጸዋዕያን ጽውዕት ተጸዋዒት ጽውዓት ተጸዋዕያት ብ፫ተ፡ ብ፫ተ ሠራዊት። ብ፯ተ፡ ብ፯ተ አናቅጽ ይፍትሑ።

፫፡ ተጸውዖ ተጸውዖት ምባል ይኾኑ ዘርኡ ጽውዓ ጽዋዔ ጸውዕ እዮም። ተጸውዓ ተባህለ ይኸውን። ተገብሮ እዩ ብስሓቕባ ምትግባር ይመስል።

፬፡ ጸዋዒ ዝበ ዚብል ጸዋዕያን ጸዋዒት ጸዋዕያት ከምቶም ቀዳሞት እዮም ዚፍትሑ። ጸውዖ ጸውዮት ማለት ይኸውን። በለ ይኸውን። ምትግባር ይኸውን።

፭፡ አጸዋዒ ዘበለ ዜብል አጸዋዒት አጸዋዕያት ከምቲ ቀዳማይ ይፍታሕ። ተጸዋዒ ዝተባህለ ዚብሃል። ተጸዋዕያን፡ ተጸዋዒት ተጸዋዕያት፡ ከም ርሑቕ ይፍትሑ።

፮፡ ተጸውዖ ተጸውዮት ምብህላ ይኸውን። ተጸውዓ ተበሃለ፡ ምግባር እዩ። አስተጸዋዓ ። አጸዋዋዒ። ዘበሃለ ዜበሃል። አስተጸዋዕያን አስተጸዋዒት፡ አስተጸዋዕያት ከምቲ ቀዳማይ ይፍትሑ። አስተጸውዖ አስተጸውዮት፡ ከም ዚበሃሉ ምግባር። ይኸውን። አስተጸውዓ አበሃለ ይኸውን።

፯፡ ስሙይ ስሙያት ስሚት ስሙያት ተስምዮ፡ ተስምዮት ምጽዋዕ። ተስምየ ተጸውዐ። ሰማዪ ሰማይያን። ሰማይት ሰማይያት ሰማይ ሰምዮት ምጽዋዕ ምስማይ። ስማዪ አስማይያን። አስማይት አስማይያት አስምዮ አስምዮት ከም ዚጽዋዕ ምግባር። አስመየ አጸውዐ።

፰፡ ተስማይ ተሳማይያን ተሳማይት ተሳማይያት። ተሳምዮት አስተሰማዪ አስተሳማይያን፡ አስተሳማይት። አስተሰማይያት። አስተሳምዮ። አስተሳምዮት ከምዚበሃሉ ምግባር ይኸውን አስተሳመየ አበሃህላ ይኸውን።

፱፡ ዘርኦም ስም እዩ። ንኮሉ ብትን፡ ሰዋስዉ ብግዕዝ ብሳብዕ፡ ብሐምስ፡ ብራብዕ፡ ይስህብ እዩ። ኣብ ነባር ንውእቱ ይስሕቦ እዩ።

፲፡ ባህል ባህላት አበሃህላታት ይኾኑ ብሁል ዝተባህለ ተበሃሊ ዝተባህለ ዚብሃል ብሁላን ተበህልያን ብህልት ተበሃሊት ብሁላት ተበህልያት ይብል።

፲፩፡ ኩሉ ብትን ሰዋስዉ ብግዕዝ ብሳብዕ፡ ብሓምስ፡ ብራብዕ፡ ሐደ፡ ርእሲ ነባር፡ አንቀጽ ፍተ ርእሲ ዘማቲ አንቀጽ እናተፈልዩ እናተናበቡ ይስሕቡ።

፲፪፡ ተብሂሎ ተባሂሉ ተባህለሞ ይበሃልዩም። ተባሂልካ ተባሂልካ ኢኻም ተብሂሎሙ፡ ተብህለክሙ ተብሂላ ተብሂለኪ፡ ተብሂሎን ተብሂለክን ተብሂልየ ተብሂለነ ከም ርሑቕ ከም ቀረባ ይፍትሑ። አስሓቕባኦም ከምቲ ቐዳማይ እዩ።

፲፫፡ (አብ ዝተባህለ ጊዜ ምስ ተባህለ ተባህለ ተባሂሉ ኽነሱ ኪበሃል ከሎ እንተ ዚብሃል ይብል እምበር ተባህለሞ ይበሃልዮም ማለት የልቦን ልማድ ኣይረኽበን።)

፲፬፡ ተብህሎ ተብህሎት ምባል ይኮኑ። አስሓቕቦኦም ከምቲ ቐዳማዮም እዩ። ተብህለ ይትበህል ዐቢዮን ንዑስን በብባዕሎም ይስሓቡ እዮም።

፲፭፡ መብህል በህሊ ዝበለ ዚብል። መብህላን በህልያን፡ መብህሊት በሃሊት በሃልያት ብፍተ፡ ብፍተ ሠራዊት ብፍ፡ ብፍተ አንቅጽ ይፍትሑ። ብሂሎ ብሃለከ እናበለ ክሳዕ ፲ ይረብሕ።

፲፮፡ ብሂል ብሂሎት ማለት ይኸውን። ስም ኮይኑ ምስ ወርቅ ወርቅ ኾይኑ ምስ ስም ይመስል። ስም ምፀት ይኸውን እዩ። ብህለ በለ። ይኸውን ይብህል ይብል ይብሃል። ኪብል ከምዚብል ኪብል ይበል። ድርቡ ይቤ ከምዚ ይረብሕ። ዐቢዮን ንዑሱን ነንሓድሕዶም ይስሕቡ እዮም።

፲፯፡ አብህሊ በልበሃሊ። ኣብ ሀልያን። አብህሊት። አሾብ ሃልያት በል በህልቲ። ሓደ ዖታ እዮም። ኣብሂሉ አቢሉ አብሂለከ አቢልካ አቢለከ ክሳዕ ፲ ይረብሕ። ሓደ ዖታ ይኾኑ።

፲፰፡ አብህሎ አቢሉ አብህሎት አብሎት ይስምዑ ሐደ ዖታ እዮም። አብህለ፡ አሾበለ ክሳዕ ሣልሳይ ይረብሑ ንዑሱን ዐቢዮን ነንሓድሕዶም ይስሓቡ እዮም።

፲፱፡ ተበህሊት ተበሃልያት ሐደ ዖታ እዮም። ተባሂሎ ተባሂለከ ክሳዕ ፲ ይረብሑ። ሓደ ዖታ ተባህሎ ተባህሎት ምብህሃል ሐደ ዖታ ይኾኑ። ተባህለ ተበሃሃለ እናበልካ ክሳዕ ሣልስ አርብሕ ዓቢዮን ንዑሱን ነንባዕሎም ይሕቡ።

፳፡ አስተብህሊ አስተበህልያን፡ አስተበህሊት አስተበህልያት ሓደ ዖታ እዮም። አስተባሂሎ፡ አስተባሂለከ እናበልካ ክሳዕ ፲ አብርሕ ሓደ ዖታ ኣዮም።

፳፩፡ አስተባህሎ አስተባህሎት ከምዚብሃሉ ምግባር። ይኾኑ ኮሉ ብብትን፡ ዚኣቱ አገባብ ይስማምያም እዩ። አስሓሕባኦም ከምቲ ቐዳማይ እዩ። አስተበህሎ አበሃሃለ። ይኸውን ክሳዕ ሣልስ ይረብሕ ዐቢዮን ንዑስን፡ ይስሕቡ እዮም።

ምዕራፍ ፬

እወ እንጋ አብሪል ሀብ ኦሆ ዕንቋዕ ኣይ ኣህ፡ ኦ፡ ብሥራትከ፡ ቦ፡ ኣልበ ንቡር ህልው ካብዚ ዚብዝኒ።

፩፡ እወ አሜን አማን፡ እወ ይኾኑ መልዓልቶም፡ እመ፡ ሶበ አመ፡ እንተ እለ ዘ፡ እዮም። በዚኣቶም አንቀጽ ሁ፡ ኑ፡ ይስሓቡ መእሰሪኦም አንቀጾም ይቤ እዩ። ይቤሎ፡ ለዘይቤሎ አንተኑ ዘትመጽእ እወ አማን ሶበ ትመጽእ ይነቅሕኑ መዋቲ። አሜን።

፪፡ እንጋ እንዳኢ እንድዒ ይኾኑ። መልዓልቶም እመ ሶበ አመ እንተ እለ ዘ፡ እዮም። በዚኣቶም አንቀጽ ሁ፡ ኑ፡ ይስሓቡ መእሰሪኦም ፫ ግሥታት ብኣሉታ ይወርስ። እቶም ግሥታት ድማ አድምዐ ስምዐ ርእየ፡ ነጸረ አስተሓየጸ አእመረ ያቀ እዮም። መእሰሪኦም ይቤ እዩ።

፫፡ ይቤሎ ለዝይቤሎ ነጸረኑ ወይ ኣጽምዑ፡ ዝንቱ ስብእ እንጋ እንዳኢ። ይቤሎኑ ቃለ ዕገሌ፡ አመ ይሰይሞ ለዕገሌ እንደኢ።

፬፡ እንዳኢ ተፈልዮ ውጥን ይጨርስ። መልዓልቱ አልቦ፡ ኢ፡ እዮም። አልቦ ዘየዕብየኒ በዝንቱ እንዳኢ ገብርኤል። አብሪል አዋጅ ይኸውን። ሣልሳይ፡ አንቀጽ ይወርስ እዩ። መልዓ ልቱ። እመ ሶበ እንተ አመ እለ ፡ ዘ፡ እዮም። መእስሪኦም፡ ይቤ እዩ።

፭፡ ይቤሎ ለዘይቤሎ ዘይሠይም አመ ይሠይሞ አብሪል። ይሽየም ሹም ይኹን። ማለት እዩ። ኣሕ ኣይ ይኸውን እዩ። ሣልሳይ አንቀጽ፡ ይወርስ፡ መልዓልቱ ከምቲ ናይ ቅድም እዩ። ምሥጢሩ ጎደድግ ነዉ። አንቀጹ ይቤ ነዉ። ይቤሎ ለዘይቤሎ እቀትሎ ለፀርየ አህ ብማለቱ ይርአ።

፮፡ ሀብ ነዓ ንዓ ሀቡ ንኡ ንዑ። ሀቢ ንዒ ንዒ። ሃባ ነዓ ንዕነ። ይኾኑ እዮም መልዓ ልቶም ከምቶም ቀዳሞት እዩ። መእሠሪ አንቀጾም ይቤ ኣዩ።

፯፡ ይቤ ብእሲ ለአብያጺሁ እመ ትፈቅዱ ዘትፈቅዱ። ሐዊረ ሀቡ ንዑ፡ ህንኩ ንሑር።

፰፡ ሀብ ህንካ እንካ። ሀቡ ህንኩ እንኩ። ሀቢ ህንኪ እንኪ ሀባ፡ ህንካ እንኩ ይኾኑ። መእሠሪ አንቀጾም ከምቶም ቀዳሞት ይቤ፡ እዩ።

፱፡ ኦሆ እሺ ሕራይ ሠናይ ይኸውን። መልዓልቱ፡ መእሠሪኡ። አንቀጹ ከምቶም ቀዳሞት እዩ። ካልዓይ አንቀጽ ይወርስ እዩ ሀለዉ ክልኤቱ ውሉድ ለብእሲ ይቤሎ ለቀዳማዊ ሑር ውስተ ዓፅላደ ወይንየ ወይቤ ኦሆ ኣሐውር።

፲፡ እንቢ እምቢ ይኸውን። እንቢየ ንሓደ፡ ይኸውን እንቢነ ንብዙኅ ይኸውን። መእሠሪ አንቀጾም ከምቶም ቀዳሞት እዩ ካልዓይ ኣሉታ ይወርስ እዩ።

፲፩፡ እንቋዕ እሰይ፡ ኦሰይ፡ እንቋነይ ከመ ተሓጕስኩ ይኸውን። መልዓሊኡ መእስሪኡ ከምቶም ቀዳሞት እዩ። ናይ ሓደ ግሚ ቀዳማይ ይወርስ እዩ። አመ ይቤ ብእሲ ለብእሲ አንስ ረከብኩ ብእሲተ ሠናይተ ዕንቋዕ፡ ይብል። ኣይ አህ ዎ፡ ይኾኑ ናይ ዕንቋዕ አሉታ እዮም።

፲፪፡ ኦ፡ አሌ ወይ ስይ አህ ዋይ ይኾኑ ኦ ተፈልዮ ወይለይ ይኾኑ። ኦ ተፈልዮ ወይለይ ይኾኑ። ይቤ ጴጥሮስ ኦ ለይሁዳ እስመ ሠጠ ለእግዚኡ። ብለ ዝርዝር ይንገሩ። መእሰሪኦም አንቀጾም ዉእቱ እዩ። እስመ አምጣነ አኮኑ እንተ እለ ዘ፡ ይኽተልዎም።

፲፫፡ ብሥራትከ ብሥራትክሙ ብሥራትኪ፡ ብሥራትክን ብሽራት ይኾኑ። ናይ ነ፡ ኣሉታ እዩ።

፲፬፡ ቦ፡ አሎ ነበረ፡ አሎ፡ ይነብር ነበረ ይነብር፡ ኪኸውን ከሎ ቦ፡ ኤልያስ በገሃት እስከ ይመጽእ ክርስቶስ ይንበር ኪኸውን ከሎ ይቤልዎ እስራኤል ለዳዊት ቦ ወልድከ፡ በመንበርከ። ነበሩ አለዉ ይነብሩ ነበሩ ይነብሩ እዮም፡ ይንበሩ። ነበረት ኣላ ትነብር ነበረት ትነብር፡ እያ ትንበር፡ ነበራ ኣለዋ። ይነብራ ነበራ። ይነብራ እየን ይንበራ። አልቦ ኢ፡ ኣሉታ እዮም። አንቀጽ ብአገባብ ይዘምት እዩ።

፲፭፡ ቦ ቦቱ፡ ነበሮ፡ አለዎ ይነብሮ ነበረ ይነብሮ እዩ ይንበሮ። ንእኡ አለዎ አለወሉ ነይርዎ እዩ፡ ነበረሉ ይነብረሉ እዩ። ይንበሮ ይንበረሉ ከምዚ ኢሉ ብ፲ መደብ ይረብሕ።

፲፮፡ ብከ ቦሙ ቦቶሙ፡ ብክሙ፡ ባ፡ ባቲ፡ ብኪ፡ ቦንቦቶን፡ ብክን፡ ብየ፡ ብነ፡ ብ፬ ሠራዊት ብ፲፡ ብ፲ እና ዘመቱ ፻፳ አና፞ቕጽ ይኾኑ።

፲፯፡ አልቦ የሎን የላን የለዉን ይኾኑ። ብቕረባ አንተ አንትሙ አንቲ አንትን አነ ንሕነ ጎዙ ይኣቱ።

፲፰፡ አልቦ ምስ አለቦቱ የብሉን፡ - - አይነበሮን፡ - አይነበረሉን አይነበሮን፡ አይነብሮን እዩ። አይንበሮ። አይንበሮ አይንበር ወአልቦ ዘይነብር ውስተ ኣብያቲሆሙ ከም ዝበለ።

፲፱፡ አልብከ አልቦሙ አልቦሙ አልቦቶሙ። አልብክሙ አልባ አልባቲ አልብኪ አልቦን አልቦቶን አልብክን አልብየ፡ አልብነ ከም ርሑቕ ይፍትሑ። ናይ ቅድም ኣሉታ እዮም።

፳፡ ንቡር ነባሪ ዝነበረ ዚነብር ንቡራን ነባርያን ነባርያነ ንብርት ነባሪት ንቡራት ነባርያት። ከም ርሑቕ ይፍትሑ ንብረት ነቢር ነቢሮት ምንባር ይኾኑ ዘርኣም ምንባር መንበርት መንበር እዮም። ነበረ፡ ነበረ፡ ይኸውን። ክሳዕ ሣልሳይ ይረብሕ፡ እዩ። ተገብሮ እዩ። ብምዝማት ምትግባር ይመስል።

፳፩፡ ህልው ህቅዊ ዘሎ ዚነብር። ህልዋን ህላውያት። ከም ርሑቕ ይፍትሑ። ህልዎ ህልዎት ምንባር ይኾኑ ዘርኣም ህላዌ እዩ። ህልውና ምዕላጽ እዩ። ህለወ፡ ነበረ። አሎ ይኸውን። ክሳዕ ሣልሳይ ይረብሕ ተገብሮ እዩ ብምዝማት ምግባር ይመስል። ህሎ ናቱ ከፊል እዩ። ብፍቱ ሠራዊት ይረብሕ።

፳፪፡ አዕማድ ፍተ እዮም። ብቑመር ረባሕታ ፬ይ ክፍሊ ርእ። ብፍቱ አዝማቲ ብ፫ ሠራዊት እናረብሑ ፴፬ አንቀጽ ይኾኑ እዮም። ምግባር አግባሪ፡ ምግብባር፡ አገባባሪ፡ ከይዘመቱ ከምዚኣቶም እዮም። ብ፫ቱ አዝማቲ በ፬ቱ መዓርጋት እናረብሑ ፪፻፷፬ እናቅጽ ይኾኑ። ረባሕታ ደቂቅ አገባብ ተፈጸመ።

፮. ውሥጠዘ ወይ ውሥጠ ወይራ ቀለማት

ወሥጠዘ ኪበሃል ከሎ እቲ ንባበ ግእዝ ወይ ግእዝ ኣብ ውሽጡ " ዘ " ዘለዎ ወይ ድማ ከምቲ ኣብ ውሽጢ አውሊዕ ዚርከብ ሕመረት ናይቲ ገረብ ቀይሕ ሕብሪ ዘለዎ ማለት እዩ። ነዚ ኣብነት ዝኾኑ ኣብዚ ዚስዕብ ተመልከት። ውስጠ ወይራ (ውሽጢ ኣውሊዕ) ዝኾኑ ቀለማት ፭ተ እዮም። ንሳቶም ድማ፥

፩/ ለ
፪/ ጣልቃ ዚኣቱ ነገር
፫/ ዘ
፬/ ዊ
፭/ ኣጎዝ ቀለም
፮/ በ
፯/ እም
፰/ ርእሱ እዚ ከብዱ ዝተባህሉ እዮም።

- "ለ" ኪኸውን ከሎ፥ "ንብላዕ ፍሬሃ ለድንግል ወይን፤"
- ሙሻ ዘርኢ ወይ ጣልቃ ዚኣቱ ነገር ኪኸውን ከሎ፥ "ንብላዕ ፍሬ ድንግል ወይን፤"
- "ዘ" ኪኸውን ከሎ፥ "ንብላዕ ፍሬ ዘድንግል ወይን፤"።
- "ዊ" ኪኸውን ከሎ፥ "ልዳዊ በለስ አውዕአ ፍሬ ክብር፤"
- ኣጎዝ ቀለም ኪኸውን ከሎ፥ "ተክለሃይማኖት ወይን ፈረየ ፯ተ ፍሬያተ፤"
- "በ" ኪኸውን ከሎ፥ "ጊዮርጊስ እሳት አውዐየ ገዳመ ኑፋቄ በነበልባሉ፤"
- "እም" ኪኸውን ከሎ፥ "አጽገበ አሕዛበ ርኁባነ እማእዱ ጊዮርጊስ ባዕል፤"
- ርእሱ ዚኸብዱ ኪኸውን ከሎ፥ "እግዚአብሔር ተሐንያተ ሐማ ተሐንፀ" ብምባሉ ይርአ።

ሀ. መስተጻምር ሐ. ቃለ ኣጋንኖ

ለ. መስተዋድድ መ. ተውሳከ ግሥ

ሀ. መስተጻምር

መስተጻምር ዘይትበሃል ቃላተ ወሓሳባተ ዘያስተጻምር ክፍል ሰዋስው ውእቱ።

፩ ሚካኤል ወገብርኤል ኣሓዱ ፍጥረቶሙ።	ንሚካኤልን ገብርኤልን ፍጥረቶም ሓደ እዩ።
፪ ወውእቱ ኣንበሳ ከልሐ በቍጥዐ።	እቲ ኣንበሳ ከኣ ብቑጥዓ ጋዘመ።
፫ ወለደት ማርያም ኣምላክ ወበእንተዝ ናከብራ።	ማርያም ኣምላኽ ስለ ዝወለደትልና ነኽብራ።
፬ እስመ አሐውር አነ ኢትምጻእ አንተ።	አነ ክከይድ እየ እሞ ንሸኻ ኣይትምጻእ።
፭ እንከሰኬ የአክለከ።	እምብኣርከስ የኣክለካ።
፮ ውእቱ ጊዜ ይከውን ምጽኣተ ዓለም።	በቲ ሽዑ ጊዜ ምጽኣት ዓለም ክከውን እዩ።
፯ ለእመ ይጼቃን ሰማይ ተማላእ ልብሰ።	ሰማይ ድብንብን ካብ በለ መዕቀሊ ተማላእ።
፰ ባሕቱ/ዳዕሙ ጎድጎ ።	ሕደጎ እምበኣር።
፱ ሰብሰ ይትርፍ እበንሂ እምብከዩ።	ሰብሲ ይትረፍ ኣእማን ኣኳ ምበከዩ ኔሮም።
፲ ሰማይኒ ወሀበ ዝናሞ።	ሰማይ ድማ ዝናሙ ሃበ።
፲፩ ምድርኒ ትገብር ፋሲካ።	ምድሪ ከኣ ፋሲጋ ተብዕል።

ውእቶሙሂ፡- ወ፡በእንተ፡እስመ፡ሂ፡ኒ፡ሰ፡እምከመሰ፡ድኅረ፡ውእቱጊዜ፡እመኮነ፡ባሕቱ፡ዳዕ ሙ፡ይትርፍሰ።

ለ. መስተዋድድ

መስተዋድድ ዘይትበሃል፡- በማእከለ ስም ዘይበውእ ህየንተ ስም ወለካልኣን ቃላት ዘይከሥት ዝምድናሆሙ ውእቱ። እሙንቲሂ፡-

፩ እም ሰማይ ተፈነወ ገብርኤል።	ገብርኤል ካብ ሰማይ ተላእከ።
፪ እም ቅድመ ይትወለድ ክርስቶስ ኣልቦ ሕይወት።	ቅድሚ ልደት ክርስቶስ ድኻነት የልቦን።
፫ ሰሎሞን ነበረ ዲበ መንበረ ዳዊት።	ሰሎሞን ኣብ መንበር ዳዊት ተቐመጠ።
፬ ድኅረ ተወልደ ይጠመቅ ሕጻን።	ሕፃን ድኅሪ ምውላዱ ይጥመቕ።
፭ ኀበ ማርያም ወረደ ቃል።	ቃል ናብ ማርያም ወረደ።
፮ በታሕተ ዓራት ሀሎ ብዙኅ ንብረት።	ኣብ ትሕቲ ዓራት ብዙኅ ንብረት ኣሎ።
፯ ኦ ማርያም እግዚኣብሔር ምስሌኪ።	ኦ ምርያም እግዚኣብሔር ምሳኺ እዩ።
፰ ገኒት ተርኅወ በማርያም ድንግል።	ገኒት ብማርያም ድንግል ተራኅወ።
፱ ዮሐንስ ከመ ማቴዎስ ጸሐፈ።	ዮሐንስ ከም ማቴዎስ ጽሓፈ።
፲ በማእከለ ክልኤ እንስሳ ርኢኩከ።	ኣብ ማእከል ክልተ እንስሳ ርኣኹኻ።

፲፩ ተውህቦ ምሕረት ለሚካኤል።	ንሚካኤል ምሕረት ተዋህቦ።
፲፪ በእንተ ማርያም መሐረነ ክርስቶስ።	ምእንቲ ማርያም ምሓረና ክርስቶስ።
፲፫ ዝንቱ ውእቱ መጽሐፈ ጥበብ።	እዚ መጽሓፍ ጥበብ እዩ።
፲፬ አነ ሀሎኩ በቤትየ።	ኣነ ኣብ ቤተይ ኣለ'ኹ።
፲፭ ዐፅመ ያዕቆብ መጽኣ እም ግብጽ።	ዓፅሚ ያዕቆብ ካብ ግብጺ መጸ።
፲፮ ማርያም ሐረት ኀበ ኤልሳቤጥ።	ማርያም ናብ ኤልሳቤጥ ኸይዳ።
፲፯ ውእቱ ለሰራቂ ወግኣ በኵናት።	ንሱ ኑቲ ሰራቒ ብቑናት ወግኦ።
፲፰ ውእቱ ፈቀደ ይሑር ምስሌክሙ።	ንሱ ምሳኻትኩም ምኻድ ፈተወ።
፲፱ ከማየ ኩኑ።	ከማይ ኩኑ።
፳ ተነበ ለማቴዎስ ወንጌሉ።	ወንጌል ማቴዎስ ተነበ።

እም፡ቅድመ፡ኀበ፡ድኅረ፡ዲበ፡በታሕተ፡ምስለ፡በ፡ከመ፡በማእከለ፡ለ፡በእንተ፡ዘ፡እሙንቱ።

መ. ቃለ ኣጋንኖ

ቃላተ ኣጋንኖ ዘይትበሃል፡-ሶበ ትትገረም፡ወትደነግፅ፡ወሶበ ትፈርህ ወትኀዝን፡ዘታወፅኦ ቃል ውእቱ።
ውእቶሙሂ እሉ እሙንቱ፡-ወይ፡ወይሌ፡ወይ ሊተ፡እግዚኦ፡ዬ፡ዬ፡ዬ፡ዬ፡እህ፡እህህ፡ዕንቂፅ ፡ኦ፡ምንት ውእቱ፡ቃለ ይባቤ፡ዕፁብ ዕፁብ፡እወ እወ፡እመ ረከብክዎ፡ጠፍኣኑ።

፩ ወይ ሊተ እስመ ወልድየ ሞተ	ወደይ ስለ ዝሞተ ወይለይ
፪ ማርያም ትቤ ወይሌ	ማርያም ወይለይ በለት
፫ እግዚኦ መሐረነ ክርስቶስ	ኦ ጎይታ ክርስቶስ ምሓረና
፬ ዬ መስቀል ጸገየ ዘጋዲ	ናይ ጋዲ መስቀል ዓንቢቡ እዩ እሞ እሰይ
፭ ዬዬ ኣማኑኤል ኣምላክነ	ዋይ ዋይ ኣማኑኤል ኣምላ ና
፮ ዘንዘነ ብእሲ ይብል እህ	ዝጉሃየ ሰብ ኣህ ይብል
፯ እንቂፅ ርኢናሁ በአዕይንቲነ	እንቂፅ ብኣዕይንትና ርኣናዮ
፰ ኦ እግዚኦ አርኅወነ ንባእ	ኦ ጎይታ ኣርጎወና ኮታ
፱ ምንት ውእቱ ዘእሰምየ	እዚ ዝሰምየ ዘለ እንታይ እዩ
፲ በእንተ ዘተወልደ ሕፃን ብእሲት የበበት ይባቤ	ሕፃን ስለ ዝተወልደ ዕልል በለት
፲፩ እምብዝኀ አንክሮቱ ዕፁብ ብህለ	ካብ ኣድንቆቱ እፁብ በለ
፲፪ እመኒ እወ እወ	እወ እንተ ይኑ እወ
፲፫ እመ ረከብክዎ እምቀተልክዎ	እንተ ረ በዮስ ምቕተል ዎ
፲፬ ጠፍኣኑ ለከንቱ	ብላሽ'ዶ ጠፊኡ
፲፭ ኦ እግዚኦ	ኦ ጎይታ

ሐ. ተውሳከ ግሥ

ዘውሳከ ግሥ ዘይትበሃል ከመዝ ውእቱ

እልፎ ብሂሎ	ከመይ ኢሉ

በአይቴ ፍኖት	በየናይ መገዲ
ማእዜ	መኣዝ/መኣስ
በእፎ	ብ መይ
በምክንያተ ምንት	ብምንታይ ም ንያት
አይቴ	ኣበይ

ለምሳሌ፡-
፩ተውሳከ ጊዜ ወሰዓት ወዕለት(ዕለትን ስዓትን)

በአይቴ ሰዓት	በየናይ ጊዜ/ስዓት
ዮም መጽአ	ሎሚ መጺኡ
ትማልም ነግሠ	ትማሊ ነገሠ
ጸኒሐ የሐውር	ጽንሕ ኢሉ ክ ይድ እዩ
ጕንዲዮ መጽአ	ደንጕዩ መጺኡ
ቀሪቦ ተናገረ	ቀሪቡ ተዛረበ

፪ተውሳከ ዐፀድ ወመካን(ቦታ)

፫ተውሳከ ድልወት(አገባብ)

በኃይል	ብኃይሊ
በሰላም መጽአ	ብሰላም መጽአ
በህድኣት ተናገረ	ብህድኣት ተዛረበ
በአማን	ብሓቂ(ብርግጽ)
በጥበብ	ብጥበብ(ብብልሓት)

፬ተውሳከ ምጣኔ ወአምጣን(ዓቕን)

ዘእንበለ መጠን	ብዘይ መጠን
በፍጹም	ብፍጹም
እንበለ መጠን ትጉህ	ብዘይ መጠን ትጉህ እዩ
ጥቀ ፍቁር	ኣዝዩ ፍትው እዩ

፭ተውሳከ ምክንያት(ምኒት)

በእንተዝ	ስለዚ
በዝ ምክንያት	በዚ ምኽንያት እዚ
ፍጻሜሁ	ፍጻሜኡ

፮ነሳቴ አረፍተ ግሥ(አፍራሲ)

ባሕቱ	ግና
ዳዕሙ	እምበር
ይትርፍሰ	ይትረፍዶ
ለእመ ኮነ	እንተኾነ
ወ፡ሰ፡ሢ፤ኒ	

በአይ መካን	ኣበይቦታ
በአይቴ	ኣበየናይ
እም አይቴ	በየናይ

ኽተውሳኽ ጥያቄ ወሕቶ(ሕቶ)

በእፎ	**ብኸመይ**
እፎ	**ኸመይ**
ማዕዜ	**መኣስ/መኣዝ**

ምዕራፍ ፸
ሠራዊት

ሠራዊት ዝተባህሉ ፱ እዮም። ንሳቶም ድማ እዞም ዚስዕቡ እዮም።

ብግዕዝ ዝተበገሰ ፪ ፊደላት ዝኾነ ግሚ፡ – ጎፀ። ብግዕዝ ዝተበገሰ፡ ደጊመ ቃል ዘለዎ፡ ፍጹም ግዕዝ ፫ ፊደላት፡ ዝኾነ ግሚ ሀተተ፡ እዩ፡ እዚኣቶም ክልቲኦም፡ ጎፀን ሐተተን፡ ከም ሐደ ሠርወ፡ እዮም፡ ዚቕጸሩ። ከም ሐደ ምቕጻሮም ከኣ፡ ኣብ ጊዜ ረ ባሕታ፡ ጎውን ሐተተን፡ ካብ መጀመርታ ክሳዕ መወዳእታ ብጸጊመ ፊደል እዮም ዚረብ ጉ ፣ ንኣብነት ጎፀ፡ የጎፅፅ፡ ይጎዕዕ። ሐተተ፡ የሐትት፡ ይሕትት፡ ብምባል፡ ይርአ። ስ ለዚ፡ ኣብ ኵሉ ረባሕታ ግሚ ሐደ ሠርወ፡ ተባሂሎም እዮም ዚቕጸሩ።

፪ ብግዕዝ ዝተበገሰ ሐንአን ኣብ ማእከሉ ዘለውዎ፡ ፫ ፊደላት ዝኾነ ግሚ፡ መሐ ለን፡ ስአለን፡ እዚኣቶምውን ከም ሐደ ሠርወ፡ እዮም ዚቕጸሩ። ከም፡ ሐደ፡ ዝተቈጽሩለ ፡፡ ምክንያት፡ ከኣ፡ ብምንታይ ምክንያት ከም ዝኾነ፡ አመሎምን ጠባዮምን፡ ኣብ፡ ጸዋ ትው፡ ኪግለጽ፪ እዩ፡ እሞ ርአ። ፫ ብ «ወ» ዝተበገሰ፡ ኣብ፡ ማእከሉ፡ «ሀ» ን «ዐ »ን ዘለውዎ፡ ፫ ፊደላት፡ ዝኾነ፡ ግሚ ግሡ ከለ ወሀበን፡ ወዐለን፡ እዩ። ናይዚኣቶም፡ ጠባይ፡ ከኣ፡ ኣብ ጸዋትው፡ እዩ ዚርከብ እዩ እሞ፡ ርአ። ንሳቶም ድማ ከም ሐደ ሠር ወ፡ ፫ እዮም ዚቕጸሩ። ፬ ብግዕዝ፡ ዝተበገሰ፡ መወዳእታኡ፡ «ወ» ፍጹም፡ ግዕዝ፡ ፫ ፊደላት፡ ዝኾነ ግሚ፡ ድማ ነቀወ እዩ።

፭ – ብግዕዝ ዝተበገሰ፣ ብ«ወ» ጸጊሙ ፊደል፡ ዘልዎ ፍጹም ግዕዝ፡ ዝኾነ ፫ ፊደላት ግሚ፣ ከወወ እዩ።

፮ – ብ «ወ» ዝተበገሰ፡ ፍጹም፡ ግዕዝ፡ ፫ተ ፊደላት ዝኾነ ግሚ፡ ወረደ እዩ።

፯ – «ወ» መበገሲኡ፡ «የ» መወዳእታኡ ዝኽዕነ ፫ ፊደላት ግሚ፡ ወረደ እዩ።

፰ – ብግዕዝ ዝተላዕለ፡ መወዳእታኡ «የ» ፍጹም ግዕዝ ዝኾነ ፫ ፊደላት ግሚ፡ ጸገየ እዩ።

፱ – ብግዕዝ፡ ዝተበገሰ፡ ማእከሉ ሳድስ ኮይኑ ዝጠበቐ፡ ፍጹም ግዕዝ ዝኾነ ሠለስተ ፊደ ላት ግሚ፡ ስብሀን ጸውዐን፡ ሐደ ሠርወ፡ እዩ፡ ብግዕዝ ዝተበገሰ፡ ብ«ወ» ዚውድእ፡ ማ እከሉ፡ ዝጠበቐ ፍጹም ግዕዝ፡ ፫፡ ፊደላት ዝኾነ ግሚ ለባወ፡ እዩ።

፲ – ብ «ተ» ዝተበገሰ፡ ብ «ወ» ዚውድእ፡ ናይቲ መወዳእታኡ ሰልቢ፡ ዝጠበቐ፡ ፬ ፊደላት፡ ዝኾነ ግሚ ተሰፈወ እዩ።

፲፩ – ብ «ተ» ዝተበገሰ፡ ናይቲ፡ መወዳእታኡ፡ ስዓቢ፡ ዝጠበቐ፡ ፍጹም ግዕዝ፡ ፬ ፊ ደላት ዝኾነ፡ ግሚ ተወከለ እዩ።

፲፪ – ብ «ተ» ዝተበገሰ፡ ብ «የ» ዚውድእ ናይቲ መወዳእታኡ ሰዓቢ፡ ዝጠበቐ፡ ፍ ጹም፡ ግዕዝ ዝኾነ፡ ፬ ፊደላት፡ ግዚ «ተነበየ» እዩ።

፲፫ – «ሀ» መበገሲኡ «ወ» መወዳእታኡ፡ ኾይኑ፡ ማእከሉ ዝጠበቐ፡ ፍጹም፡ ግዕዝ ፫አ ፊደላት፡ ዝኾነ ግሚ፡ «ሀለወ» እዩ።

፲፬ – «ጎ» መበገሊኡ፡ «የ» መወዳእታኡ፡ ኾይኑ፡ ማእከሉ፡ ዝጠአቐ፡ ፍጹም፡ ግዕዝ ፡ ዝኾነ ፫ ፊደላት ግሚ ጎለየ እዩ።

፲፭ – «ተ» መበገሲኡ፡ «ሐ» መወዳእታኡ፡ ናይቲ መወዳእታኡ፡ ሰዓቢ፡ ስድስ፡ ኮይ ኑ፡ ዝጠበቐ፡ ፬ ፊደላት፡ ዝኾነ፡ ግሚ ተመክሐ፡ እዩ።

፲፮ – ብግዕዝ፡ ዘበገሰ፡ ሳድስ ዘስዓበ፡ ናይ መወዳእታኡ፡ ሰዓቢ፡ ዝጠበቐ፡ ፭ ፊደላት፡ ዝኾነ፡ ግሚ አንገለገ። እዩ።

፲፯ – ብግዕዝ ዝተበገሰ፡ ማእከሉ ጎድስ፡ ኣፍኩስ ኣቢልካ ዚንበብ፡ ፫ ፊደላት፡ ዝኾነ፡ ግሚ ሰክረ፡ እዩ።

፲፱– ብግዕዝ ዝተላዕለ ማእከሉ ሳድስ ብሐን ብዐን ዚጭርስ ፫ ፊደላት ዘለዎ ግሚ መል ሐን በልዓን እዩ።

፳ – ብወ ዝተላዕለ ማእከሉ ሳድስ ዝኾነ ፫ ፊደላት ዘለዎ ግሚ ድማ ወድቀ እዩ።

፳፩ – ብግዕዝ ዝተላዕለ መጨረሽታኡ «ወ» ዝኾነ ፫ ፊደላት ዘለዎ ግሚ መሰወ። ፱።

፳፪ – ብግዕዝ ዝተላዕለ መጨረስታኡ «የ» ÷ ማእከሉ ሳድስ ዝኾነ ፫ ፊደላት ዘለዎ ግሚ መስየ እዩ።

፳፫ – ብአ ዚለዓል ÷ ሳድስ ዘኸተለ ÷ ብ ወ፡ ዚውጽእ ÷ ኣርባዕተ ፊደላት ዝኾነ ግ ሚ ፡ – ኣድለወ እዩ።

፳፬ – ብአ ዚለዓል ÷ ሳድስ ዘኸተለ ÷ ብ «የ» ዚውጽእ ኣርባዕተ ፊደላት ዝኾነ ግ ሚ «አጥረየ» እዩ።

፳፭ – ብ «አ» ዝተላዕለ ብ «ወ» ዚውድእ ማእከሉ ሳድስ ዝኾነ ኃሙሽተ ፊደላት ዘለዎ ግሚ «አመንተወ» እዩ።

፳፮ – ብ «የ» ዚውድእ ኃሙሽተ ፊደላት ዝኾነ ግሚ «አመክነየ» እዩ።

፳፯ – «ወ» ን «የ» ን ዘይብሉ ኃሙሽተ ፊደላት ዝኾነ ግሚ «አመጽበለ» እዩ።

፳፰ – ስድስን ግንዕዝን ዝተደባለቐ ÷ ሽዱሽተ ፊደላት ዝኾነ ግሚ ÷ «አንቀልቀለ» እዩ።

፳፱ – ሐ አብ ማእከሉን ኣብ መወዳእታኡን ዝኾነ ÷ ሽዱሽተ ፊደላት ዘለዎ ግሚ « እንስሐሰሐ» እዩ።

፴ – ሳድስ ዝኸተለ ራብዕ ዘቐጸለ ÷ ማእከሉ «ሐ» ዘለዎ እቲ ናይ መወዳእታኡ ሰዓ ቢ ሳድስ ዝኾነ ÷ ሽዱሽተ ፊደላት ዘለዎ ግሚ ድማ «አቅያሐይሐ» እዩ።

፴፩ – ሳድስ ዘስዓበ ÷ እቲ ዝተረፈ ግዕዝ ዝኾነ፡ ሽብዓተ ፍደላት ዘለዎ ግሚ «አስተ ስነአለ» እዩ።

፴፪ – ብግዕዝ ዝተላዕለ ÷ መራሒኡን እቲ ናይ መወዳእታኡን ስዓቢ ግዕዝ ÷ ማእከሉ ራብዕን ሳድስን ዝኾነ ሽዱሽተ ፊደላት ዝኾነ ግሚ ÷ «ቀበያውበጠ» እዩ።

ፀፐ – ብ «ተ» ዝተላዕለ ÷ ግዕዝ ዘስዓብ ኣብ ማእከሉ «ሀ» እቲ ናይ መወዳእታ ሰዓቢ ሳድስ ዝኾነ ሓሙሽተ ፊደላት ዘለዎ ግሚ «ተወሀውሀ» እዩ።
ፀፑ – ብራብዕ ዝተላዕለ ÷ ደጊመ ቃል ዘለዎ ÷ ሠለስተ ፊደላት ዘለዎ ግሚ «ሣረረ » እዩ።
ፀፒ – ማእከሉ ግዕዝ መወዳእታኡ «ወ» ÷ ሠለስተ ፊደላት ዝኾነ ግሚ «መለወ» እ ዩ።
ፀፓ – ማእከሉ ግዕዝ ÷ መወዳእታኡ «የ» ሠለስተ ፊደል ዘለዎ ግሚ «ሣቀየ» እዩ።

ፀፔ – ሳድስ ዝስዓበ ÷ ግዕዝ ዘኾተለ ÷ መወዳእታኡ «ወ» ዝኾነ ፬ተ ፊደላት ዘለዎ ግሚ «ፃዕደወ» እዩ።
ፀፕ – ስድስ ዝስዓበ ናይ ,የ» ደጊመ ፊደል ዘለዎ ÷ ኣርባዕተ ፊደል ዝኾነ ግሚ « ፃሕየየ» እዩ።
ፀፖ – ወን የን ዘይብሉ ስድስ ዘኾተለ ኣርባዕተ ፊደል ዝኾነ ግሚ «ማሕረከ» እዩ።
ፁ – ብኃምስ ዝተላዕለ ÷ ሳድስ ዝስዓበ ሠለስተ ፊደል ዝኾነ ግሚ «ቁቅሐ» እዩ።
ፁፀ – ግዕዝ ዝሰዓበ ብ«ወ» ዚውድእ ÷ ሠለስተ ፊደል ዝኾነ ግሚ «ዜነወ» እዩ።
ፁፁ – ግዕዝ ዝስዓበ ብ «የ» ዚውድእ ሠለስተ ፊደል ዝኾነ ግሚ ÷ ጌገየ» እዩ።
ፁፂ – ናይ «ወ» ደጊመ ፊደል ዘለዎ ÷ ሠለስተ ፊደል ዝኾነ ግሚ ፣ «ፄወወ» እ ዩ።
ፁፃ – ብ «ው» ዚለዓል ÷ ሳድስ ዜስዕብ ሠለስተ
ፁፄ – ብ «ወ» ዚውድእ ሠለስተ ፊደል ዝኾነ ግሚ «ስህወ» እዩ።
ፁፅ – ብ «የ» ዚውዳ ግሚ «ጥዕየ» እዩ።
ፁፆ – ብሳብዕ ዚለዓል ÷ ደጊመ ፊደል ዘለዎ ÷ ሠለስተ ፊደል ዝኾነ ግሚ «ሖሠሠ » እዩ።
ፁፇ – ማእከሉ ሳድስ ÷ ሠለስተ ፊደል ዝኾነ ግሚ ÷ «ቶስሐ» እዩ።
ፁፈ – ማእከሉ ሳድስ ÷ ኣርባዕተ ፊደላት ዝኾነ ግሚ ፤ «ማርቅሐ» እዩ።
ፉ – ግዕዝ ዘሰዓበ ሠለስተ ፊደል ዝኾነ ብ«ወ» ዚውድእ «ግሚ» «ሎለወ» እዩ።

<u>ሠራዊት ዝተባህሉ እዚኣቶም እዮም።</u>

ኃምስ ሠራዊት ዝተባህሉ ብግልጺ ሐፀ፣ ሐተተ ÷ ወሀበ ÷ ወዐለ ፤ ነቀወ÷ ከ ወወ ÷ ወረደ ፣ ወደየ ÷ ፀገየ ፤ ስብሐ፣ ጸውዐ ÷ ለበወ ÷ ተሰፈወ ÷ ተወከለ ፤ ተነበየ፣ «ሀለወ» ኀለየ ፤ ተመክሐ ÷ አንገለገ ፤ መልሐን ÷ በልዐ ÷ ወድቀ ÷ መ ስወ ÷ መስየ ፤ አድለወ ፤ አጥረየ፣ አመንተወ ÷ አመክነየ ፤ አመድበለ ፣ አንቀል ቀለ ፣ አንስሐስሐ ÷ አቅየሐይሐ፣ አስተስነአለ ÷ ቀበያውበጠ ፤ ተወሀውሀ ÷ ሣረረ

÷ ማለወ ፣ ሣቀየ ፣ ፃዕደወ ፤ ጸህየየ ፤ ማሕረከ፣ ቈቅሐ፣ ዜነወ። ጌገየ ÷ ፄወወ ፣ ውኃዘ፣ ስህወ፣ ጥዕየ፣ ኖሠሠ ÷ ቶስሐ፣ ምርቅሐ፣ ሎለወ እዮም።

– ናይዞም ኃምሳ ሠራዊት፣ ከምቶም ሸሞንተ ኣርእስቲ ንነፍስ ወከፎምን ንእኣቶም ዘ ፈመሰሉን ብዙኃት ጭፍራ ኣለውዎም። ጭፍራኡም ንኽተለሊ ግና ኣካይዳ ሠራዊቲ ኣስተ ውዒልካ ተመልከት።

– ብዙኃት ገቢርን ተገብሮን ዚመስሉ ጭፍራ ሠራዊት ÷ ኣብ መጀመርታ ኽፍሊ ብ መኾስታት ይርከቡ እዮም። ብእኡ ኣስተውዒልካ ጠበዮም መርምር። ነዞም ኃምሳ ሠራ ዊት እቶም ሸሞንተ ኣርእስቲ ይካፈልዎም እዮም ን «ቐተለ» ሸሞንተ ይበጽሕዎ። ንሳ ቶም ድማ ሐፀን ሐተተን ÷ መሐለን ሰኣለን ÷ ወሀበን። ወዐለ፣ ነቀወ ፤ ከወወ ÷ ወ ረደ ፤ ወደየ ፣ ፀገየ ፣ እዮም።

ን «ቐደስ» ኽኣ ትሽዓተ ይበጽሕዎ። ንሳቶምውን ስብሐን ጸወዐ ÷ ለበወ ፣ ተስረወ፣ ተወከለ፣ ተነበየ፣ ሀለወ፣ ጎለየ ÷ ተመክሐ ፣ ኣንገለገ ፣ እዮም። ን «ገብረ» ኃ ሙሽተ ይበጽሕዎ። ንሳቶም ከኣ ሠክረ ፣ መልሐ፣ ብልዐ ፣ ወድቀ ፣ መስወ ፣ መስየ» እዮም።

– «ንኣእመረ» ዓሠርተው ሐደ ይበጽሕዎ። ንሳቶም ኣድለወ ፣ ኣጥረየ፣ ኣመንተወ ፣ ኣመክነየ፣ ኣመጽበለ፣ ኣንቀልቀለ ፣ ኣንስሐስሐ፣ ኣቅየሐይሐ፣ ኣስተስነአለ ፣ ቀበያ ውበጠ ፣ ተወሀውሀ ፣ እዮም።

– ን «ባረከ» ሸዱሽተ ይበጽሕዎ። ንሳቶም ከኣ ሣረረ ÷ ማለወ ፣ ሣቀየ ፣ ፃዕደወ ፣ ጸሕየየ ፣ ማሕረከ ፣ እዮም።

– ን «ሜመ» ኣርባዕተ ይበጽሕዎ። ንስቶም ድማ ቈቅሐ ÷ ዜነወ ፣ ጌገየ፣ ፄወወ ፣ እዮም።

ን «ብህለ» ሠለስተ ይበጽሕዎ። ንሳቶም ድማ ውኃዘ ፣ ስህወ ፣ ጥዕየ ፣ እዮም።

ን «ቆመ ÷ ምርቅሐ ፣ ሎለወ ፣ እዮም።

፲ንፀ እንተ ገጠምካዮ ÷ ፲፯ ይኸውን። ፲፯ን ፭ን እንተ ገጠምካዮ ፭፪ ፤ ፭፪ን ፲፪ን እንተገጠምካዮ ፴፫ ፣

፴፫ን ፮ን እንተ ገጠምካዮ ፵፫ ይኸውን

፴፫ን ፫ን እንተ ገጠምካዮ ፵፮ ÷ ፵፮ን ፬ እንተ ገጠምካዮ ፺ ይኸውን። ሠራዊት ብኣር እስቲ ከምዚ ተኸፊሎም ይፍጸሙ።

እምበኣርከስ ንኽፍሊ ሠራዊት በብኣርእስቱ በዚ ዝተኸፍልዎ ኣስተውዒልካ መርም ር። ኣርእስትን ሠራዊትን ወይ ኵሉ ግዒ ካብ ክልተ ፊደል ኣይወርዱን እዮም። ካብ ሾብዓተ ንላዕሊውን ኣይወፀን እዮም።

ክፍሊ ሠራዊት ኣብዚ ተፈጸመ

ክፍሊ ኣርባዕተ ኣዕማድ (ኣዕኑድ)

ኣዕማድ ዝተባህሉ ኃሙሽተ እዮም። ንሳቶም ድማ ገባሪ ፥ ኣግባሪ ፥ ተቐባል ግ-በሪ ፥ ተገባባሪ ፥ እዮም። ንሳቶም ድማ፡ ከፈለ ፥ ኣክፈለ ፥ ኣስተካፈለ ፥ ተካፈለ ፥ ተከፍለ ከም ማለት እዩ። ኮሎም ኃሙሽቲኦም ኣዕማድ ጎሉፋት እዮም። ስለዚ ኣብ ዓቢይ ኣንቀጽ ፥ ኣብ ንኡስ ኣንቀጽ ፥ ኣብ ደቂቕ ይኣትዉ። ከም መራጎያን ኣብቶም ዓሠርተ መራሕቲ ፥ ይዝርዝሩ፥ ኣብ ጊዜ ዝርዝር ፥ ፍጹም ከም መራጎያን እዮም ዘ-ኽዱ። ኣብ ዓቢይ ኣንቀስ ይርከቡ ፥ ኣብ ንኡስ ኣንቀጽን ኣብ ደቂቕን ግና ኣይርከቡ ን እዮም።

ኣሥራው

ኣሥራው ዚብሃሉ ፥ ኣርባዕተ እዮም። ንሳቶም ድማ ይ ፥ ት ፥ ን ፥ እ ፥ እዮም። ኣሥራው ናይ ኮሉ ረባህታ ግሚ (እርባ ግሚ) ባዕዲ መበገሲ እዮም። ንሳቶም ካብ ት ንቢት ንላዕሊ ኣይወፀን ፥ ካብ ትእዛዝ ንታሕቱ ኽኣ ኣይወርዱን ኣብ ትንቢትን ኣብ ኮነትን ኣብ ትእዛዝን ኣብዚኣቶም ኣብ ሠለስቲኦም ዚርከቡ እዮም። ኮሉ ግሚ ኣብ ትን ቢት ኣብ ኮነት ፥ ኣብ ትእዛዝ ብዘይ ኣሥራው ኣይብገስን እዮ። ኣሥራው በብ መግ ዶም ፥ ግዕዘምን ራብያምን ኣይተርፍን እዩ። «ይ» ኣብ ብዙኃት ስብኡት ተባዕትዮ ፥ ኣብ ብዙኃት ኣንስቲ ኣብ ኃሉፋት ኣብ ሠለስቲኡ ኣንቀጽ ይርከብ እዩ። «ት» ኣብ ቀረባ ተባዕታይን ተባዕትዮን ኣብ ኣንስተይትን ኣብ ኣንስትን ኣብ ርሕቕቲ ሰበይትን ኣብ ዚኣቶም ኣብ ኃሙሽቲኦም ኣናቅጽ ይርከብ እዩ። ራብዕ ግዕዝ፡ ዚገብሮም ከኣ ኣግ ባርን ኣገባባርን «ሀ» ን «አ»ን መበገሲ ፥ ማእከልን መወዳእታን ኣብ ዝኾነ ግሚ እ ዩ።

«እ» «ን» ኣብ ሓደ ፥ ኣብ ሐደ፣ ሠርወ ኣብ ከክልተ ኣናቅጽ ይርከቡ። ማ እከሉ ዝጠበቕ ፥ ፍጹም ግዕዝ ዝኾነ ሠለስተ ፊደላት ዘለዎ ግሚ ብ «ጎ»ን ብ«አ»ን ኪለዓል ከሎ ፥ ጎየለ ፥ ዕሠየ ፥ ኣመረ እዩ። ላሕሊሑ ዘንበብ ፍጹም ግዕዝ ዝኾነ ፥ ሠለስተ ፊደላት ዝለዎ ግሚ ብ «ኣ» ኪብገስ ከሎ «ጎ» እንተ ደኣ ስዒብዎ «ኣ ጎዘ» እዩ። ብ «ወ» ዝተላዕለ ሠለስተ ፊደላት ዝኾነ ግሚ ድማ «ሀ»ን «አ»ን ኣብ ማእከሉ ዘለዎ ግሚ «ወሀበ» ን «ወዐለ» ን እዩ። ብ «ው» ዝተላዕለ ሠለስተ ፊደ ላት ዘለዎ ግዚ ውጎዙ ውጎጠ እዩ። ኣብዚ ጊዜዚ ኣሥራው ኣብ ትንቢት ሳድስ ፥ ኣ-በ ኮነትን ኣብ ትእዛዝን ግዕዝ እዮም ዚኾኑ።

ላሕሊሑ ዚንበብ ፥ ፍጹም ግዕዝ ዝኾነ ፥ ሠለስተ ፊደላት ዘለውዎ ግሚ «ዐጸወ» ፥ ሐሰለ ፥ እዩ። ብግዕዝ ዝተላዕለ ፥ ማእከሉ ሳድስ ዝኾነ ፥ ሠለስተ ፊደላት ዘለ ውዎ ግሚ «ጎጥአ» «ዐብየ» እዩ።

ደጊመ ቃል ዘለዎ ፥ ሠለስተ ቐለማት ዝኾነ ግሚ ኽኣ ሐተተ ፥ ዕረረ፥ እዩ። መወዳእታኡ ዚጠብቕ ፥ ክልተ ፊደላት ዘለዎ ግሚ ፥ ብ «ሐ» ኪለዓል ከሎ «ፀ»

እዩ። ብኃምስ ዝተላዕለ ፥ ክልተ ፊደላት ዝኾነ ግሚ ብ «ጌ» ብ «ዔ» ኪለዓል ከለ ው ፥ ጌበ ፥ ዔለ ይኸውን። ክልተ ፊደላት ዝኾነ ግሚ ፥ ብ «ሆ» ብ «ዮ» ኪለዓል ከሎ ድማ «ሆከ ፥ ዮደ፥ ይኸውን። ኣብዚ ጊዜ እዚ ኣሥራው ብትንቢት ግዕዝ ፥ በኩነትን ብትእዛዝን ሳድስ እዮም ዚኾኑ ፥ ከመይ ይለዋጡ ፥ ይዘዋወሩ እዮም።

ብግዕዝ ዝተላዕለ ፥ ኣርባዕተ ፊደላት ዝኾነ ሳድስ ዘስዓበ ፥ ብ«ሀ» ብ «አ» ኪለዓል ከሎ ድማ ኣሥራው ፍጹም ግዕዝ እዮም ዚኾኑ። ንኣብነት «ሀንገረ ፥ አንዘረ ፥ ጎርብጸን፥ ኵሉ ነዚ ዚመስሎን።

ብ «አ» ዝተላዕለ አመሉ ፥ ረብዕ፥ ግዕዝ ዚኸውን «ይ» ኣብ ልዕሊ «አ» ኪወድቕ ከሎ እዩ።

«አ» መበገሲ ኸዕይኑ «እ» ን ኣስዒቡ ኣርባዕተ ፊደላት ብዝኾነ ግሚ ፥ ኣሥራው ፥ ኣብ ትንቢት ግዕዝ ፥ ኣብ ኵነትን ኣብ ትእዛዝን ግና ራብዕ እዩ ዚኸውን።

ማእከሉ ዝጠበቕ ፥ ሠለስተ ፊደላት ዝኾነ ግሚ ፥ አመረ ፥ እዩ። ንሱ ኣብ ኣ ግባርን ኣብ ገባርን ኣገባባሪ ፥ ኣግባሪ ፥ ይኸውን። አእመረ ፥ ናይዚ ድርብ ፥ ብኣ መሉ ኣግባሪ ፥ ኣገባባሪ ፥ ዝኣመ ስለ እዩ። ንኣብነት ኣንገለገ እዩ። ብግዕዝ ዝተላዕለ ሳድስ ዘስዓበ ፥ ኣርባዕተ ፊደላት ዝኾነ ግሚ ፥ ናይዚ ድርብ እዩ። ድርቡ ኸኣ አንቀ ልቀል እዩ። ብራብዕ ዝተበገሰ፥ ኣርባዕተ ፊደላት ዝኾነ ግሚ'ውን ናይዚ ድርብ እዩ። ድርቡ ድማ ኣንቃዕደወ እዩ። ብኃምስ ዝተላዕለ ሠለስተ ፊደላት ዝኾነ ግዚ ድማ ናይዚ ድርብ እዩ። ድርቡ ኣንጌገየ እዩ። ብሳብዕ ዝተላዕለ ሠለስተ ፊደላት ዝኾነ ግሚ ኸኣኣ ናይዚ ድርብ እዩ። ድርቡም ኣልሆስስ እዩ። ገባሪ ዝመሰለ ተቐባል ተገብሮ ግብሪ ፥ ብኣመሉ ተገባባሪ ፥ ገባሪ ኣግባሪ ፥ ኣገባባሪ ይኸውን። ኣሥራው ኣብዚ ጊዜ እዚ ራብዕ እዮም ዚኾኑ። ንኣብነት «ኣብልዓ፥ አስተባልወ» ኪኸውን ከሎ «ሀ» ን «አ» ኣብ ዘይብሉ ግሚ ፥ ኣሥራው ፍጹም ሳድስ እዮም ዚኾኑ። «ሀ» ን «አ»ን ኣብ ማእከል ኪኾኑ ኸለዉ ፥ ንባብ ኣላሕሊሑም ፍጹም ሳድስ እዮም ገብሩ። እዚኣቶም ድማ « ጸሐፈ ፥ ስአለ፥ እዮም። ኪዝርዘሩ ኸለዉ ፥ ኣብ ተባዕተይ ፥ ርሑቕን ኣብ ቀረባን። ኣብ ርሕቕቲ ኣንስተይቲ፥ ,ብኣይ» ብ «ኣና» ኣብዘም ሓሙሽተ ኣናቅጽ እዚ ኣቶም ንባቦም ሓደ ይገብሩ። ኣብ ምትግብባርን ብግብባርን ድማ ነቲ ራብየም ግዕዝ እዮም ዚገብሩ። ኣብ ግሚ «ሀ»ን «አ»ን ኣብ ማእከል ኪኾኑ ኸለዉ ግዕዝ ፍጹም ኣይርከብ ን እዩ።

ኣብዚ ጊዜ እዚ ኣሥራው ፍጹ ሳድስ እዮም ዚኾኑ። ኣኻይደ ኣሥራው ብሸብዓ ተ መገዲ እዩ። መጀመርታ ብ«ሀ»ን ብ«አ»ን ብዘይጅመር ኵሉ ግሚ ኣሥራው ፍጹ ም ሳድስ እዮም ዚኮኑ። እንተኾነ ነዚ ድንጋገ እዚ ዜፍርሱ ግሥታት ኣለዉ እሞ ኣብ ካልኣይ ኣኻይዳ ክንገልጾም ኢና።

ካልኣይ ኣኻይዳ «ቀደሰ» ዝኣመሰለ ግሚ

ብ,ሀ»ን ብ«አ»ን ኪብገስ ከሎ ፤ ቀተለን ከፈለን ዝኣመሰለ ግዒ ግ «ሀ» ተላዒሉ ማእከሉ «ወ» «የ» ኺኸውን ከሎ ÷ ብ «አ» ተበጊሱ ማእከሉ «ሀ» ኪኸውን ከሎ፡ ብሀለን ዝኣመሰለ ግዒ ብ «ወ» ኺለዓል ከሎ ኣሥራው ኣብ ትንቢት ሳድስ ÷ ኣብ ኮኑትን ኣብ ትእዛዝን ግዕዝ እዮም ዚኾኑ።

እዚ ኸኣ ሐወጸ፡ ይሄውጽ ÷ የሐውጽ። አመረ ÷ ይኤምር ÷ አምር። አመርከ ÷ ትኤምር ÷ ተኣምር አምር፡ ከፈለ ዝአመሰለ ግዒ ሐወዘ ÷ ይሔውዝ። የሐውዝ። ጎየስ ÷ ይጌይስ ÷ የጎይስ። አጎዘ ይእጎዝ አአጎዝ። ወሀበ ÷ ይሁብ ÷ የሀብ። ወዐለ ይውዕል የዐል። ውጎዘ ÷ ይውሕዝ ÷ ይጎዝ እናበለ ይርአ።

ሣልሳይ ኣካይዳ፡ – «ገበርን» «ከፈለን» «ነበበ» ን ÷ ነደን ÷ ዝኣመሰለ፡ ኮሉ ግዒ ÷ ብ «ሀ» ብ«አ» ኪብገስ ከሎ ጸመ ንዝአመሰለ ግዒ ÷ ብ ሆ» ብ «የ» ኪብገስ ከሎ ÷ ሜመ ንዝአመሰለ ግዒ ብ «ሄ» ብ «ኤ» ኪብገስ ከሎ ኣሥራው ብትንቢት ግዕዝ ÷ ብኾኑትን ብትእዛዝን ሳድስ እዩ ዚኸውን። ንኣብነት ጎሥረ ÷ ይጎሥር ÷ ዐብየ ÷ የዐቢ ÷ ይዕበይ። ጎደረ ÷ ይጎድር። አሠረ፡ የአሥር ÷ ይእሥር። ጎሠሠ ÷ይጎሥሥ፡ ሐመ ÷ የሕምም ÷ ይሕምም። ያቀ ÷ የዐውቕ ፣ ይውቅ ÷ ይዐቅ፡ ሐረ ÷ የሐውር ÷ ይሑር ÷ ዔለ ÷ የዓይል ÷ ይዒል ÷ ጎጠ፡ የጎይጥ ፣ ይጎት÷ እናበለ ነዝን ዚመስሎን የርኢ።

ራብዓይ፡ ኣኻይዳ፡ – ደንገጸ፡ – ዝኣመሰለ ግዒ ÷ ብ «ጎ» ብ «አ» ኪብገስ ከሎ፣ ኣሥራው ብትንቢትን ብኾኑትን ብትእዛዝን ግዕዝ እዮም ዚኾኑ።

ንኣብነት፡ – ዐንበዘ ÷ የዐነብዝ ÷ የዐንብዝ ÷ ጎርበጸ ÷ የጎረብድ ÷ የጎርብድ ይብል እዩ።

ኃምሳይ ኣኻይደ፡ – ካብ «ገብረ» ጀሚሩ ክሳብ ,ነጸ» ዘሎ ሠርወ ÷ ብ «ሀ» ብ «አ» እናተበገሰ÷ ልማዱ «አ» ኪኸውን ከሎ ÷ ኣሥራው ብትንቢት ግዕዝ ÷ ብኮኑትን ብትእዛዝን ከኣ ራብዕ እዮም ዚኾኑ። ንኣብነት አዕበየ፡ ያዓቢ ÷ ያዕቢ ÷ አጎደረ ÷ ያጎድር ÷ ያጎድር ÷ አጎተተ ÷ ያጎትት ÷ ያጎትት። አጎፀፀ ÷ ያጎፅፅ ÷ ብምባል የርኢ። እንተኾነ እዚ ሕጊ እዚ ፈራሲ እዩ። ብትንቢትን ብኾኑትን ብትእዛዝን ራብዕ ይኸውን እዩ። ብትንቢት ግዕዝ ኣይኸውንን እዩ። ንኣብነት አሕየዎ ÷ የሐይዎ ደኣ ይብል እምበር የሐይዎ ኣይብልን እዩ።

ሳድሳይ ኣኻይዳ፡ – ቀደሰ ዝአመሰለ ግዒ ÷ ብ «ሀ» ብ «አ» እናተበገሰ ልማዱ «አ» ኪኸውን ከሎ ኣሥራው ብትንቢት ራብዕ ÷ ብኾኑትን ብትእዛዝን ግዕዝ እዮም ዚኾኑ። አመረ ÷ ያኤምር ÷ አእመሩ ÷ ያኤምሩ ÷ የአምሩ ÷ አሐወጽክሙ ÷ ታሔውጹ። ተሐውጹ ÷ አሐውጹ ÷ ብምባል የርኢ። እዚ ኸኣ ብገቢር ኪኸውን ከሎ ፈራሲ እዩ።

ሳብዓይ ኣኻይዳ፡ – ብ «ሀ» ብ «አ» ዝተበገሰ ግዒ እንተ ዘይኮይኑ ÷ «አ» ን አሰን ልማድ ገይሩ ብዝተላዕለ ኮሉ ግዒ ኣሥራው ፍጹም ራብዕ እዮም ዚኾኑ።

ንኣብነት «አፍቀረ» ያፈቅር ፥ ያፍቅር። አስተቃታለ ፥ ያስተቃትል ፥ ያስተቃትል፥ ብምባል ይርአ።

«ያ» «አ» ልማድ ገይሩ ብዝተበገሠ፥ ኮሉ ግሚ ንዓሠርተ «መራሕያን» ቀዳማይ ብኣሉታ «ሥርው ኮይኑ ይርከብ። ንኣብነት ኢያፍቀሩ ፥ ኢያፍቀርኪ ፥ ኢያፍቀራ ፥ ኢያፍቀርክን ፥ ኢያፍቀርኩ ፥ ኢያፍቀርን ፥ ብምባል ምስ ዚመስልዎ ይርአ እዩ። እምበኣርከስ ኣሥራው በብኣኻይደኦም ብዝተገጠመ ተራ ይፍጸሙ። ናይቲ ሓደ ነገር በቲ ሓደ ኣስተውዕል። ንኾሉ ድማ ከምዚ መርመር።

ፀዋትው

ፀዋትዉ ዝተባህሉ አርባዕተ እዮም። ንሳቶም ከኣ «ሀ»ን «አ»ን ከም ሓደ ፥ «ወ» ኽልተ። «የ» ሠለስተ ፥ ሀ ፥ አ፥ ወ፥ የ፥ ዘየብሉ ፊደላት ካብ «ለ» ጀሚሩ ክሳዕ «ፐ» ዘሎ ኮሉ ግሚ ከም ሓደ ይቑጸር። ,ሀ» ን «አ» ን በብኣርእስቱን በብሠራዊቱን መገዶም ሓደ እዩ። ኣብ ቤት «ቀተለ» መበገሲ ኪኾኑ ኽለው ጸጊመ ፊደል ኪምጽኡ እዮም። ረብሕታኦም ድማ ሓደ እዩ። ንኣብነት ሐመ ፣ የሐምም ፥ ይሕምም። ሐመመ ፥ የሐምም። ሐለመ ፥ የሐልም ፥ ይሕልም ፥ አነመ የአንም ፣ ይእንም። ዐለለ ፥ የዕልል ፥ ይዕልል። ብምባል ይፍለጥ። ኣብ ማእከል ኪኾኑ ኽለዉ ድማ ኣኻይዳኦም ሓደ እዩ። እዚ ድማ መሐለ ፥ ይምሕል ፥ ይምሐል ፣ ስአለ ፥ ይስእል ፥ ይስአል ፥ ብምባል የርኢ። ኾሉ ነዚ ዝአመሰለ ከምኡ እዩ ዚረብሕ። «ወ» መበገሲ እንተ ደኣ ጌርካ ፥ ኣብ ኮነትን ኣብ ትእዛዝን መበገሲኦም ይጐርጹ እዮም። ከመይ ከም ዚጐርጹ፥ ኽኣ ኣብ ገደፍያነ ዝመጽ ተመልከት።

«ሀ» ን «አ»ን ኣብ (ቤት) «ቀተለ» ቤት ኣብ መበገስን ኣብ ማእከልን ደኣምበር ኣብ መወዳእታ ኣይርከቡን እዮም።

«ሀ» «አ» ን ኣብ ቀደስ ቤት ብሠለስተ ግዕዝ ፊደላት መበገሲ ኪኾኑ ከለዉ ኣብ ጊዜ ረባህታ ኣኻይዳኦም ሓደ እዩ። ንሳቶም ከኣ ሐደሰ ይሄድስ ፥ የሐድስ። ዐበሰ ፥ ይዔብስ» የዓብስ እዚኣቶምን ኮሎም ዚመስልዎምን እዮም። ኣብ ማእከሎም ሳድስ ዘለዎም መወዳእታኦም ብሠለስተ ፊደላት ዝኾኑ መገኾም ሓደ እዩ። ንሳቶም ድማ ሰበሐ፥ ይሴብሕ ፥ ይሰብሕ ፣ ጸውዐ ፥ ይኤውዕ ይጸውዕ እዮም። ኣርባዕተ ፊደላት ብዝኾነ ግሚ መወዳእታኦም ኪኾኑ ኽለዉ ድማ ኣኻይዳኦም ሓደ እዩ። ንሳቶምውን ተመክሐ ፥ ይትሜካሕ፥ ይትመካሕ ፥ ተፈግዐ ፥ ይትፈጋዕ ፥ ይትፈጋዕ እዚኣቶምን ኮሎም ዚመስልዎምን እዮም። ኣብ ቀደሲ ቤት፥ «ሀ» ን «አ» ኣብ መበገስን ኣብ መወዳእታን ደኣምበር ኣብ ማእከል ኣይርከቡን። እዮም።

ብ«ገብረ» ቤት መበገሲ ኪኾኑ ኽለዉ «ጎልቀ፥ የጎልቅ፥ ይጎልቅ፥ ዕብደ፥ የዕበድ፥ ይዕበድ። ዐብየ፥ የዐቢ፥ ይዕበይ፥ ብምባል የርኢ። «ሀ» መበገሲ «አ» መወዳእ

ታ ኪኽውን ከሎ ÷ ጎጥአ÷ የጎጥእ ÷ ይጎጣእ÷ ጎብአ ÷ የጎብእ÷ ይጎባእ ይብል። «አ» መበገሲ «ሐ» መዕለቢ ኪኽውን «አብሐ» ያአብሕ÷ ያአብሕ÷ ይብል። እዚኣ ቶምን ኵሎም ዚመስልዎምን በብወገኖም ኣብ ጊዜ ረባህተ ኣኻይደአም ሐደ እዩ።

ኣብ «አእመረ» ቤት ,ሀ»ን «አ» መበገሲ ኪኾኑ ኽለው በብወገኖም ኣኻይዳ ኦም ሐደ እዩ። ንኣብነት ጎንገረ፡ የጎነግር ÷ የጎንግር ዐንዘረ ÷ የዕነዝር ÷ የዐንዝር ብ ምባን ዚመስሎን የርኢ።

ካልኣይ ኣካይዳ ሐመልመለ፡ አመድበለ እዚኣቶምን ኵሎም ዚመስልዎምን ሐደ ዓይነት እዮም። እዚ ከኣ ሐመልመለ ያሕመለምል ÷ ያሕመልምል። አመድበለ፡ ያመደ በል፡ የመድብል ብምባል፡ ዝአመሰለ ኵሉ የርኢ። ናይ ኵሉ ኣኻይዳ፡ ከምዚ እዮ እሞ ኣስተውዕ።

ኣብ «አእመረ ቤት «ሀ» ን «አ»ን ኣብ መበገሲ ኣብ ማእከል ÷ ኣብ መወዳ እታ፡ ኣብ ኵሎ እዮም ዚርከቡ።

ኣብ ሚመ ÷ ኣብ ብህለ ኣብ ቆመ ÷ ቤት «ሀ»ን «አ»ን ኣብ መበገስን ኣብ መዕለብን ደኣምበራብ ማእከል ኣይርከቡን እዮም። ንኹሉ ከምዚ ጌርካ መርምር÷ ናይ ቲ ሓደ ኣብቲ ሐደ ርእ፡ ጠባይ «ሀ»ን «አ»ን በብኣርእስቶምን በብሥራዊቶምን ኣኻ ይዳኦም ኣስተውዕል።

ኣብ ጊዜ ረባሕታ ,ወ» (መዕለቢ) መወዳእት ኪኽውን ከሎ ካብ «ሀ» ጀሚሩ ክሳዕ ,ፈ» ኣብ ዘሎ ግሚ ኣብ ዓቢይ ኣንቀጽ መዕለቢኡ ይጐርድ እዩ። «ወ» ኣይ ርእን እዩ። ዓቢይ ኣንቀጽ እንተይ ምኻኑ ኣብ ክፍሊ ሸብዓተ ተመልከት። ኣብ ደቂቕ ኣብ ንኡስ ኣንቀጽ እዩ ዚርከብ። ንኡስ ኣንቀጽን ደቂቕን እንታይ ከም ዝኾኑ ድማ ኣብ ክፍሊ ሸሞንተን ትሽዓተን ርእ። ደጊመ ፊደል ኪኽውን ከሎ ኣብ ዓሠርቲኡ መደ ብ ይበጽሕ እዩ።

ንኣብነት ከወወ ÷ ይከውው ይከውው። ከዊው ከዊዎት ከዋዊ ከዋውያን ከዋዊት ከዋውያት ክውው ከዋዊ፡ ከዋው ብማለት ይርአ።

ኣብ ገብረ ቤት ከኣ «ወ» ከም ኣብ ቀተለ ቤት ÷ ኣብ ትንቢት ይርከብ እዩ። ኣብ ኵነታን ኣብ ትእዛዝን ግና ኣይርከብን እዩ። ኣብ ንኡስ ኣንቀጽን ኣብ ደቂቕን ከኣ ይርከብ እዩ። «ወ» ኣብ ቤቱ ነቲ (ምወዳእታ) መዕለቢ) ጐሪዱ ÷ ነቲ ናይ (መዕለቢ) መወዳእታ ሰዓቢ ካዕብ ይገብር። ምጉራጹ ከኣ ቕድም ከም ዝገለጽናዮ ኣብ ዓቢይ ኣንቀጽ ይስኣን። ኣብ ንኡስ ኣንቀጽን ኣብ ደቂቕን ግና ይርከብ እዩ። «ተ» መበገሲ ኾይኑ ፍጹም ግዕዝ ኣርባዕተ ፊደላት ኣብ ዝኾነ ግሚ «ወ» መበገሲ ዝነበራ ፈጺሙ ይጠፍእ። ኣብ ዓቢይ ኣንቀጽን ናይቲ (መዕለቢ) መወዳእታ ሰዓቢ መወዳእታ ሳብዕ ይገብር። «ወ» ኣብ ቤቱን ኣብ ዘይቤቱን ከመይ ከም ዚጐርድ ኣብ ገደፍያነ ዘ ምጽ ርእ። ንሳቶም ኣብ ፲፯ ክፍሊ እዮም ዚርከቡ። ንኹሉ ኣዕሚቕካ ኣስተውዕል። ብ ህለን ቀተለን ዝአመሰለ ናይ ,ወ» ግሚ፡ ማእከሎ «ሐ»ን «አ»ን ኪኽውን ከሎ ኣብ

ትንቢት ይጐርድ። ኣብ ኩነትን ኣብ ትእዛዝን ግና ይርከብ እዩ፡ – ነዚ ንምፍላጥ ኣ፦ በ ክፍሊ፲፩ ኣብ ሕርመት ርኢ።

«ተ» መበገሲ ገይሩ ናይ ማሕረከ ተገብሮ ኣብ ዝመሰሉ ፊደላት «ወ» መበገሲ ኸይጐረደ፡ ኣብ ዓሠርተ መደ ይበጽሕ እዩ። ንኣብነት ተባህተወ፡ ይትበሐተዉ፡ ይ ትባሕተው፣ ይትባሕተው ተባህትዎ፡ ተባሕትዎት፡ ተባህታዊ ፡ ተባህታውያን ተባህታዊት ፡ ብሕትውና፡ ብሕታዊ እናበለ ዝኣመሰለ ኸኡሉ የርኢ። ተጊሕለወ ውን ናቱ ወገን እዩ ።

ናይ «የ» ግሚ፡ ብህለን፤ ቀተለን፡ ብዝኣመሰለ ግሚ ኣብ ትንቢት ብሣልስ ይጐ ርድ። ኣብ ኵነትን ኣብ ትእዛዝን ይርከብ። ናይ «የ» ደጊመ ፊደል ኪነብሮ ኸሎ ከ ይጐረደ ይወርድ። ኣብ ክፍሊ፲፩ ኣብ ጎርመት ርኢ። ኣብ ዝተረፉ ግሥታት ኣብ ዓቢ ይ ኣንቀጽ ኣብ ሣልስ ይጐርድ እዩ። ኣብ ንኡስ ኣንቀጽን ኣብ ደቂቕን ከኣ ይርከብ እዩ። ነዚ ኸኣ ኣብ ረባህታ በብኣርእስቱን በብሠራዊቱን ርኢ። ጠባይ «ሀ» «ኣ» « ወ» «የ» ፈሊኻ ምእንቲ ኽትፈልጥ ኣስተውዒልካ ተመልከት። ኣኻይዳ ጸዋትው እም በር በዚ ዓይነት እዚ ተፈጺሙ ኣሎ።

ዓቢይ ዐንቀጽ

ዓቢይ ኣንቀጽ ዝተባህሉ ኣርባዕተ እዮም። ንሳቶም ድማ ኃላፊ ፡ ትንቢት ፡ ኩነ ት ፡ ትእዛዝ እዮም። ናይዚኣቶም መፍለጢ፡– ኃላፊ ቀተለ። ትንቢት፡ ይቀትል። ኵነ ትን ትእዛዝን ይቅትል ዚብል እዩ።

ሠራዊት ቀትረለ ብዓቢይ ኣንቀጽ ተጀመረ

ናይ ቀተለ ፡ ብኃላፍን፡ ብገባሪ ፡ ብፍጹም ግዕዝ ብኽልተን ብሠለስተን ፊደላት እዩ ዚኽይድ። እዚ'ውን ቀተለ ፡ ሐመ ፡ ብምባል ዚመስሎ ኸኡሉ የርኢ። ብኣግባሪ «ኣ» መበገሲ እናኾነ ነቲ መበገሲ ግሚ፡ ሳድስ እዩ ዚገብሮ። ብኽልተ ፊደላት ደጊ መ ቃል የምጽእ እዩ። ንኣብነት ኣቅተለ፣ ኣሕመመ ፣ ብምባልን ዚመስሎን ኵሉ የር ኢ።

ብኣግባሪ «ኣስተ.... እናወሰኸ ነቲ መበገሲ ራብዕ ይገብር። ንኣብነት «ኣስተቃ ተለ» ብምባልን ዚመስሎን የመልክት። ብተገባባሪውን «ተ» መበገሲ ገይሩ መልዓሊኡ ራብዕ ፡ ማእከሉ ግዕዝ ይገብር።

ንኣብነት፡ – ወተቃተለ» ብምባልን ዚመስሎን ኵሉ የርኢ። በቲ (ተገብሮ) ኣ፦ በ ልዕሊኡ ግብሪ ዚወድቆ ከኣ «ተ» መበገሲ ገይሩ ፡ መልዓሊኡ ግዕዝ ፡ ማእከሉ ሳድስ ይገብር። ንኣብነት ተቀትለ ብምባልን ዚስሎን የርኢ። ከምዚ እናበሉ ብሐደን ብ፦

በዙኃን ፤ ብተባዕተይን ብኣንስተይትን ÷ ብቕረባን ብርሑቕን ብኣኻይን ብኣይን ፣ ኣ-በ ባኣኻትኩምን ይኣትዉ። ንኣብነት ቀተልከ ÷ አቅተልከ ÷ አስተቃተልከ ÷ ተቃተልከ ÷ ተቀተልከ። ብምባልን ዚመስሎን ኮሉ የርኢ። ንኹሉ በዚ ኣስተውዕል። እቶም ዝ ተረፉ ኣርእስትን ሠራዊትን ድማ ከኽም ጠባዮም በዚ ኣኻይዳዚ እዮም ዚረብሑ። ነቲ ሓደ በቲ ሓደ ኣስተውዒልካ መርምሮ። ብገባርን በቲ ኣብ ልዕሊኡ ግብሪ ዚወድቆን ኣ-በ ታሕቲ ግሥታት ኣለዉ እሞ ነገሮም ኣስተውዕል፡ ከይትሸገር ኣመሎም ኣብ ክፍሊ ፷፮ ተመኽስታቶም ርኢ። ብገባርን «ብተገብሮን» ብኮሉ እዮም ዚዝርዘሩ፡ ኣገባቦም ድማ ኣብ ረባሕታ ጊዓዝ «አእመረ» ርኢ። ናይቶም ዝተረፉ ሽብዓተ ኣርእስትታት ገባ-ርን ተገብሮን ኮሉ በዚ ኣስተውዕል።

ቀተለ ዝኣመሰለ ግሢ ገባሪ ኪኽውን ከሎ ኣብ ትንቢት መበገሲኡ ግዕዝ ሰዓቢኡ-ን መወዳእታኡን ሳድስ ኪኽውን ከሎ፣ ብኽኑትን ብትእዛዝን ግና ፍጹም ሳድስ እዩ ዚ-ኽውን። ንኣብነት ቀተለ ፣ ይቀትል ፣ ይቅትል ÷ ይቅትል፣ ብምባልን ዚመስሎን ከ-ኮሉ የርኢ እዩ።

እንተኾነ «ነበረ» ዝኣመሰለ ግሢ ብኃላፍን ብትንቢትን ናይ «ቀተለ» ኪኽውን ከሎ ÷ ብኽኑትን ብትእዛዝን ከም «ገብረ» ማእከሎ ግዕዝ ይገብር እዩ እሞ እዚ ሕ-ጊ እዚ ፈራሲ እዩ። ንኣብነት ነበረ ፣ ይነብር፣ ይንበር፣ ይንበር ብምባል የርኢ እዩ። «ጎፀ»ን «ሐተተ» ን ዝኣመሰሉ ግሥታት ካብ ትንቢት ንታሕቲ መገዶም ሓደ እ-ዩ። ኣካይዳኣም ውን ከም «ቀተለ» እዩ። ንኣብነት ጎፀ ÷ የጎፅፅ ÷ ይጎፅፅ ÷ ይጎፅፅ። ሐተተ፣ የሐትት ÷ ይህትት ÷ ይሕትት፡ እናበለ ዚመስሎ ኮሉ የርኢ። ሕጂ ኣብ ትንቢት ኣሥራውን ግዕዝ ከም ዝኾኑ ኣስተውዕል።

መሐለን ስኣለን ዝኣመዕለ ግሢ ÷ ኣብ ትንቢት ፍጹም ሳድስ ÷ ኣብ ኮንትን ኣ-ብ ትእዛዝን ከኣ መበገሲኡ መወዳእታኡን ሳድስ ፣ ማእከሉ ግዕዝ እዩ ዚኽውን። ንኣብ-ነት መሀለ ፣ ይምሕል፣ ይምሐል ፣ ይምሐል ፣ ሰኣለ ÷ ይስእል ÷ ይስአል፣ ይስ-አል፣ እናበለ ዜስሎ ኮሉ የርኢ።

ወሀበን ወዐለን ዝኣመሰለ ግሢ ኽኣ ብትንቢት ከም መሐለን ስኣለን ይኽይድ።ኣብ ኩነትን ኣብ ትእዛዝን ግና እቲ መበገሲ ዝነበረ ,ወ» ይወሓጥ እዩ ፤ ኣሥራው ድ-ማ ግዕዝ ይኾኑ። «ሀ»ን «አ»ን ከኣ ኣብ ስፍራ ,ወ» ይቕሙ። እዚ ድማ ወሀበ፣ ይውህብ፣ የህብ፣ የህብ። ወዐለ፣ ይውዕል፣ የውዕል፣ የዐል ፣ የዐል፣ እናበለ ዚመስ-ሎ ኮሉ የርኢ።

ነቀወ ዝኣመሰለ ግሢ መወዳእታኡ «ወ» ስለ ዝኾነ ኣብ ካዕብ እዩ ዚጐርድ እ-ምበር ኣብቲ ዝተፈረ ኣብ ትንቢትን ኣብ ኮንትን ኣብ ትእዛዝን ከም ቀተለ እዩ ዚረብ-ሕ። ንኣብነት ነቀወ ፣ ይነቁ ፣ ይንቁ ፣ ይንቁ፣ ብምባል ኮሉ ዚመስሎ የርኢ።

ከወወ ፣ ዝኣመሰለ ግሢ ድማ ,ወ» ደጊመ ፍደል ስለ ዘለዎ ኣይጐርድን እዩ። ኣብ ትንቢት ኣብ ኮነት ፣ ኣብ ትእዛዝ ፣ መበገሲኡ ግዕዝ ነይ መወዳእታኡ ሰዓቢ

ን መወዳእታኡን ሳድስ እናገበረ ኣብ ጽሕፈት ፍጹም ሐደ እዩ ዚኽውን። ኣብ ንባብ ግና ኣብ ትንቢት <u>ይተርር</u> ÷ ኣብ ኩነትን ኣብ ትእዛዝን ግና <u>ይልሕልሕ</u> እዩ እሞ ፣ በዚ ይፍለ። ንኣብነት ከወወ ፣ ይከውው ፣ ይከውው ይከውው ፣ ብምባል ነዚ ዚመሰ ል ኮሉ የርኢ።

ወረደ ዝኣመሰለ ግሚ ፣ ብትንቢት ከም ቀተለ እዩ ዚረብሕ። ብኽንትን ብትእዛ ዝን ግና ,ወ» መበገሲ ዝነበረ፡ ይጠፍእ ናይቲ መበገሲኡ ሰዓቢ ግዕዝ ÷ መወዳእታኡ ሳድስ እዩ ዚገብር። ንኣብነት ወረደ ÷ ይወርድ ፣ ይረድ ፣ ይረድ ፣ ብምባል ዚ መስሎ ኮሉ የርኢ።

<u>ወደየ ዝኣመሰለ ግሚ</u>፡ «የ» መወዳእታኡ «የ» ስለ ዝኾነ ኣብ ትንቢት ነቲ ናይ መወዳእታኡ ብሣልስ ይጐርድ እዩ። «የ» ይጠፍእ። ኣብ ኮነትን ኣብ ትእዛዝን መበገሲኡ «ወ» ዝነበረ ይተርፍ። መወዳእታ ዝነበረ ,የ» ኽኣ ሳድስ ይኽውን።

<u>ንኣብነት</u>፡ – ወደየ ፣ ይወዲ ፣ ይደይ ፣ ይደይ ፣ እናበለ ዚመስሎ ኾሉ የ ርኢ።

«ጸገየ» ዝኣመሰለ ግሚ፡ – ብትንቢት ከም ወደየ ይኽይድ እዩ። ኣብ ኮነትን ትእዛዝን ግና ከም ኣረባብሓ «ገብረ» እዩ ዚረብሀ። ንኣብነት ጸገየ ፣ ይጸጊ ፣ ይጽገ ይ ፣ ይጽገይ እናበለ ዚመስሎ ኾሉ የርኢ። ኣብዚ ናይ ቀተለ ሠራዊት ተፈጸመ።

ናይ ቀደስ ሠራዊት መጀመርታ፡ –

ቀደስ ፣ ስብሐ ፣ ጸውዐ ፣ ጎየለ ፣ ዐሠየ ፣ ወደሰ ፣ ለበወ ፣ ጸለየ ፣ ዝ ኣመሰለ ግሚ ኣብ ትንቢት መበገሲኡ ኃምስ ፣ ኣብ ኩነትን ኣብ ትእዛዝን ግዕዝ እዩ ዚገብር። ንኣብነት ቀደሰ ፣ ይቄድስ ፣ ይቀድስ ፣ ይቀድስ። ስብሐ ፣ይሴብሕ ፡ ይ ስብሕ ይስብሕ። ጸውዐ፡ ይጼውዕ ፣ ይጸውዕ፣ ጎየለ ፣ ይጎይል ፣ የጎይል ፣ የጎይ ል ፣ ፡ ዐሠየ ይዔሢ ፣ የዐሢ የዓሢ፣ ወደሰ። ይዌድስ። ይወድስ ፣ የወድስ፣ ለበወ ፣ ይሌቡ ፣ ይለቡ ፣ ይለቡ ፣ ጸለየ ፣ ይጼሊ ፣ ይጸሊ ይጸሊ፣ እናበለ ፡ ዚመ ስሎ ኩሉ የርኢ።

«ተፈነወ » ዝኣመስለ ግሚ ኽኣ ብትንቢት መበገሲኡ ሳድስ ፣ ናይ መልዓሊኡ ስዓቢ ኽኣ ኃምስ ፣ እቲ ናይ መወዳእታኡ መራሒ ሳብዕ ኮይኑ «ወ» መወዳእታ ዝነበረ ፣ ይጠፍእ። ኣብ ኮነትን ኣብ ትእዛዝን ነቲ ናይ መበገሲኡ ስዓቢ ግዕዝ ይገብ ር እሞ እቲ ዝተረፈ ከም ትንቢቱ ይኽይድ። ንኣብነት «ተፈነወ» ይትፌኖ፣ ይትፈኖ ፣ ይትፈኖ፣ እናበለ ዚመስሎ ኾሉ የርኢ።

ተስፈወ ፣ ተዘከረ ፣ ተጸመ ፣ ተጠየረ ፣ ተፀወነ ፣ ዝኣመሰለ ግሚ ኣብ ት ንቢት ኣብ ኮነት ኣብ ትእዛዝ መበገሲዝነበረ «ተ» ይተርፍ። ንኣብነት ተስፈወ ፣ ይ ሴፎ ፣ ይሰፎ ፣ ይሰፎ ፣ ተዘከረ ፣ ይዜከር ፣ ይዘከብ ይዘከር ፣ ተጸመ ፣ ይጼ መም፣ ይደመም፣ ይደመም ፣ ተጠየረ ፣ ይጤየር ፣ ይጠየር ፣ ይጠየር ፣ ተፀወነ

፣ ይዒወን ፤ ይፀወን ፣ ይፀወን፣ ብምባል ዚመስሎን ኮሉ የርኢ። ኣብዚ ጊዜ እዚ «ተ» ዝተረፈሉ ምኽንያት እንታይ ከም ዝኾነ ፥ ኣብ ክፍሊ ፲፫ ፥ ኣብ ልማድ ክፍሊ ፲፯ ኣብ ገጸፍያነ ዘመጽ ርእ።

ተወከለ ዝኣመሰለ ግዒ መወዳእታኡ «ወ» ስለ ዘይኮነ ኣይጐርድን ደኣ እምበር እቲ ዝተረፈ ኣብ ትንቢት ኣብ ኩናት ኣብ ትእዛዝ ፥ ከም ተፈነወ እዩ ዚረብሕ። ን ኣብነት ተወከለ ፥ ይትዌከል ፣ ይትወከል ፣ ይትወከል ፣ እናበለ ዚመስሎ ኹሉ የር ኢ።

ተነበየ ዝኣመሰለ ግዒ ፥ ኣብ ትንቢት ኣብ ኮነት ኣብ ትእዛዝ ከም ተወከለ እዩ ዚረብሕ። «የ» ኣይጐርድን እዩ፣ በቲ ናቱ እዩ ዚውድእ። ንኣብነት ተነበየ ፥ ይትኔበይ ይትነበይ ፥ ይትነበይ እናበለ ዚመስሎ ኩሉ የርኢ።

«ሀለወ» ኣብ ዚመስል ግዒ ኽኣ፣ ኣሥራው ኣብ ትንቢት ሳድስ ፣ ኣብ ኮነት ን ኣብ ትእዛዝን ግዕዝ እዮም ዚኾኑ። እቲ ዝተረፈ ግና ከም «ለበወ» እዩ ዚረብሕ።

ንኣብነት፣ ሀለወ ፥ ይሄሉ ፥ የሀሉ ፣ የሀሉ ፣ እናበለ ዚመሰሎ ኮሉ የርኢ። ኣብዚ ግና «ሀለወ» ን «ለበወ» ን መወዳእታኡ «ወ» ስለ ዝኾነ ኣብ ዓቢይ ኣንቀጽ ኣብ ካዕብ ከም ዚጐርድ ኣስተውዕል።

ጎለየ ዝኣመሰለ ግዒ ፡ – መወዳእታኡ ,የ» ስለ ዝኾነ ኣብ ሣልስ እዩ ዚጐር ድ እምበር ፣ ኣብቲ ዝተረፈ ከም «ሀለወ» እዩ ዚረብሕ። እዚ ከኣ ጎለየ ይኔሊ ፣ የጎሊ፣ የጎሊ እናበለ ዚመስሎ ኹሉ የርኢ።

«ተመክሐ» ዝኣመሰለ ግዒ፣ – ኣብ ትንቢት መበገሲኡ ሳድስ ፣ ስዓቢኡ ጎም ስ ፣ ናይ መወዳእታኡ መራሒ ራብዕ ይገብር። ኣብ ኮነትን ኣብ ትእዛዝን ሰዓቢኡ ግ ና ግዕዝ እዩ ዚገብር። ኣብ ዝተረፈ ከም ትንቢቱ እዩዚኽይድ። ንኣብነት ተመክሐ፣ ይ ሚካሕ ፣ ይመካሕ ፣ ይትመካሕ፣ እናበለ ዚመስሎ ኹሉ የርኢ።

ኣንገለገ ኣብ ዝኣመሰለ ግዒ፣ – ኣሥራው ኣብ ትንቢት ፥ ኣብ ኮነት ፥ ኣብ ትእዛዝ ፣ ፍጹም ራብዕ እዮም ዚኾኑ። «አ» መበገሲ ዝነበረ ብኣስራው ይወሃጥ። ኣ በ ትንቢት ማእከሉ ታምስ ይኸውን።

ኣብ ኩነትን ትእዛዝን ከኣ ማእከሉ ግዕዝ፣ እኳ እንተኾነ እቲ ዝተረፈ ከምቲ ትን ቢት እዩ ዚረብሕ።

ንኣብነት አንገለገ፥ ያንጌልግ፥ ያንገልግ ፣ ያንገልግ እናበለ ዚመስሎ ኹሉ የርኢ ። እምበኣር ኣብዚ ናይ ቀደሰ ሠራዊት ተፈጺሙ ኣሎ።

ናይ ገብረ ሠራዊት ተጀመረ

ገብረ ኣብ ትንቢት ናይ ቀተለ ሠራዊት ኣገባብ እዩ ዚኽተል። ኣብ ኮናትን ት እዛዝን ግና መበገሲኡን መወዳእታኡን ሳድስ ማእከሉ ግዕዝ እዩ ዚገብር። ንኣብነት ገብ ረ ፣ ይገብር ፣ ይግበር ፣ ይግበር፣ እናበለ ዚመስሎ ኮሉ የርኢ። «ሰክረ» ዝኣመ

ሰለ ግሚ ግና ብኣመሉ ናይ ገብረ ኪኸውን ከሎ ፥ ኣብ ኮናትን ኣብ ትእዛዝን ናይ «ቀተለ» ኣመል እዩ ዚስዕብ። ግና እዚ ሕዚ እዚ ኣይጸንዕን እዩ። ፈራሲ እዩ። ከመ ይ «ሰክረ» ይስክር ፥ ይስከር፣ ይሰከር። እናበለ ዚመስሎ ኾሉ የርኢ እዩ። ኣብ መ ንጎ ቀተለን ገብረን ጽኑዕ ሕጊ የብሎምን። ናይ ቀተለ ምስ ገብረ ፣ ናይ ገብረ ምስ ቀተለ ኪልወኣወጡ ኪዘዋወሩን ይረኣዩ እዮም። ናይ «ቀተለ» ናብ «ገብረ» ኪልወጥ ከሎ ፣ ነበረ፣ ይነብር ፣ ይንበር ይንበር። እናበለ ዚመስሎ ኾሉ የርኢ እዩ። ናይ «ገብረ» ናይ ቀተለ ኪልወጥ ከሎ ኸኣ ሰኽረ ይስክር ፣ ይስከር ፣ እናበለ ዚመስሎ ኾሉ የርኢ። እምበኣር ኣኻይዳኣም በዚ ኣስተውዕል።

<u>መልሐን</u> በልዐን ዝኣመሰለ ግሚ ኣብ ትንቢት ከም ገብረ ፣ እዩ ዝኸይድ ፣ ኣ በ ኮነትን ኣብ ትእዛዝን መበገሲኡን መወዳእታኡን ሳድስ ማእከሉ ራብዕ እዩ ዚገብር። ንኣብነት መልሐ፣ የምልሕ ፣ ይምላሕ ፣ ይምላሕ ፣ በልዐ ፣ ይበልዕ ፣ ይብላዕ ፣ ይብላዕ፣ እናበለ ዚመስሎ ኾሉ የርኢ።

<u>«ወደቀ»</u>፡– ዝኣመሰለ ግሚ «ወ» መወዳእታ ስለዝኾነ «ወ» እኳ ብካዕብ እን ተ ተገርደ እቲ ዝተረፈ ካብ ትንቢት ንታሕቲ ከም ቀተለ እዩ ዚረብሕ። ንኣብነት « መሰወ፣ ይመሱ ይምሱ፣ ይምሱ፣ እናበለ ዚመስሎ ኾሉ የርኢ።

<u>መሰየ</u> ዝኣመሰለ ግሚ መወዳእታኡ «የ» እዩ እሞ ኣብ ሣልስ እዩ ዚገርድ እ ምበር በቲ ዝተረፈ ከም መሰወ እዩ ዚረብሕ። መሰየ፣ ይመሲ፣ ይምሲ፣ ይምሲ እና በለ ኾሉ ዚመስሎ የርኢ። ይገብረ ሠራዊት ኣብዚ ተፈጸመ።

ናይ ኣእመረ ሠራዊት ተጀመረ፣ –

ኣእመረ ዝኣመሰለ ግሚ መበገሲኡ ኣብ ትንቢት ብኣሥራው እዩ ዚወሓጥ። ኣሥ ራውን እቲ ስዓቢእን ሳድስ ዝነበረ ግዕዝ ይኸውን። ኣብ ኮነትን ኣብ ትእዛዝን ኣሥራው ፡ ራብዕ ግሡ ግና ፍጹም ሳድስ እዩ ዚኸውን። ንኣብነት ኣእመረ፣ የእምር፣ ያእምር፣ ያእምር፣ እናበለ ዚመስሎ ኾሉ የርኢ።

<u>ኣድለወን</u> ኣጥረየን ኣመንተወን ኣመክነየን ኣመጽበለን ኣንቀልቀለን ኣንሰሐሰሐን ኣቅየሐይሐን ኣስተስነኣለን ዝኣመሰለ ኾሉ ግሚ ኣብ ትንቢት ኣብ ኮነት ኣብ ትእዛዝ መበገሲኡ እናተዋህጠ፣ ኣሥራው ፍጹም ራብእ ይኸውን። ብኣኻይዳ ግና አይስማምዑን ።

<u>ኣድለወ</u> ዝኣመሰለ ግሚ መወዳእታኡ «ወ» ስለ ዝኾነ፣ ብካዕብ እዩ ዚገርድ እ ምበር፣ በቲ ዝተረፈ ከም ቀተለ እዩ ዚረብሕ። ንኣብነት ኣድለወ፣ ያደሉ ያደሉ፣ ያድ ሉ፣ እናበለ ኾሉ ዚመስሎ የርኢ። ኣብዚ ጊዜ እዚ ግና ኣሥራው ራብዕ ከም ዝኾኑ ምስትውዓል ይግባእ እዩ።

<u>ኣጥረየን</u> ዝኣመሰለ ግሚ መወዳእታኡ «የ» ስለ ዝኾነ ኣብ ሣልስ ደኣ ይገርድ እዩ እምበር ኣብቲ ዝተረፈ ከም ኣድለወ እዩ ዚረብሕ።

<u>አመንተወን</u> አመክሃየን አመጽበለን ዝአመሰለ ግሚ ኣብ ረባህታ ጊዜ ኣኻይደኡ ሓደ እዩ። ንኣብነት አመንተወ ፣ ያመነቱ ፣ የመንቱ፣ ያመንቱ፣ አመክሃየ፣ ያመክኒ ፣ የመክኒ ፣ የመክኒ። አመጽበለ ያመጸብል ያመጽብል ፣ እናበለ ዚመስሉ ኵሉ የርኢ።

<u>አንቀልቀለ</u> ዝአመሰለ ግሚ፣ ኣብ ትንቢት መበገሲኡ ሳድስ ማእከሉ ግዕዝ ነቲ ናይ መወዳእታኡ መራሕን መወዳእታን ሳድስ እዩ ዚገብር። ኣብ ኮነትን ኣብ ትእዛዝን መበገሲኡ ሳድስ እዩ ዚገብር። ኣብ ኮነትን ኣብ ትእዛዝን መበገሲኡ ሳድስ ነቲ ስልቢአ ግዕዝ እናገበር ፣ ነቲ ዝተረፈ ሳድስ እዩ ዚገብሮ። ንኣብነት ኣንቀልቀለ ያንቀልቅል፣ ያንቀልቅል፣ ያንቀልቅል፣ እናበለ ዚመስሉ ኵሉ የርኢ።

<u>አንሰሓሰሐ</u>፣ ዝአመሰለ ግሚ፣ – ኣብ ኮነትን ኣብ ትእዛዝን ነቲ ናይ መበገሲ ስዓቢ ራቦ ይገብር። እቲ ዝተረፈ ግና ከም አንቀልቀለ እዩ ዚረብሕ።

ንኣብነት አንሰሐሰሐ ፣ ያንሰሐስሕ ያንሳሕስሕ ፣ ያንሳሕስሕ። እናበለ ዚመስሉ ኵሉ የርኢ።

አቅየሐይሐ፣ ዝአመሰለ ግሚ፣ – ኣብ ትንቢት መበገሲኡ፣ ሳድስ ነቲ ስዓቢኡ ራ-በዕ ማእከሉ ግዕዝ ነቲ ናይ መወዳእታኡ መራሕን መወዳእታኡን ሳድስ እዩ ዚገብር። ኣብ ኮነትን ኣብ ትእዛዝን ከም አንሰሐሰሐ እዩ ዚረብሕ። ንኣብነት አቅየሐይሐ ያቅየሐይሕ ያቅያሕይሕ። እናበለ ዚመስሉ ኵሉ የርኢ።

አስተስነአለ፣ ዝአመሰለ ግሚ፣ – ኣብ ነንቢ ስዓቢኡን ማእከሉን ግዕዝ ይገብር፣ እቲ ዝተረፈ ግና ሳድስ እዩ ዚገብር። አብ ኮነትን ኣብ ትእዛዝን እቲ ሰዓቢኡጥራይ ግዕዝ ኮይኑ ፣ እቲ ዝተረፈ ሳድስ ይከውን። ንኣብነት አስተስነአለ፣ ያስተስናእል ያስተስንእል ፣ ይስተስንእል፣ እናበለ ዚመስሉ ኵሉ የርኢ። ኣብ አእመረ ሠራዊት ቀበያውበጠን ተወሀውሀን ዝአመሰለ ግሚ ኣብ መበገሲኡ «አ» ስለ ዝየብሉ ኣሥራው ፍጹም ግዕዝ እዩ ዚኸውን።

<u>ቀበያውብጠ</u>፣ – ዝአመሰለ ግሚ ፣ ኣብ ትንቢት መበገሲኡን ሰዓቢኡን ግዕዝ ፥ ማእከሉ ራብዕን ግዕዝን ነቲ ናይ መወዳእታኡ መራሕን መወዳእታ ፊደሉን ሳድስ ይገ-በር። ኣብ ኮነትን ኣብ ትእዛዝን ኣብ ማእከሉን ኣብ ትንቢት ግዕዝ ዝነበረ ፥ ሳድስ ይ-ገብር። እቲ ዝተረፈ ግና ከም ትንቢቱ እዩ ዚረብሕ። ንኣብነት

ቀበያውበጠ ፣ ይቀበያውብጥ፣ ይቀበያውብጥ፣ ይቀበያውብጥ። እናበለ ዚመስሉ ኵሉ የርኢ።

ተወሀውሀን ዝአመሰለ ግሚ ኣብ ትንቢት መበገሲኡ ሳድስ ፣ ማእከሉ ግዕዝ ነቲ ናይ መወዳእታኡ መራሒ ራብዕ እዩ ዚገብር። ኣብ ኮነትን ኣብ ትእዛዝን ሳድስን ራ-በዕን ያደባልቕ። ንኣብነት ተወሀውሀ፣ – ይወሀዋህ፣ ይትዋህዋህ ፣ ይትዋህዋህ። እናበለ ዚመስሉኵሉ የርኢ

ኣብዚ ናየእመረ ሠራዊት ተፈጸመ።

<u>ናይ በርከ ሠራዊት ተጀመረ</u>

ናይ በረኸ፡– ቤት፡ – ካብ ሠለስተ ፊደላት ንታሕቲ ኣይወርድን እዩ። ኣብ ኣር ባዕተ ንላዕሊ ድማ ኣይወፅእን እዩ። እንተኾነ ኣማጎፀነ ÷ ኣማዕቀበ፣ ስለ ዚብል ፣ ናይ <u>ኣግብሮ</u> ኣመል እዩ እሞ፡ ብእኡ ኣዋጅ ኣይፈርስን እዩ።

ብሠለስተ ፍደላት ዘሎ ,ባረከ» ዝኣመሰለ ግሚ፡ – መወዳእታኡ ,ወ» እንተኾነ ብካዕብ ÷ ኪኸውን ከሎ ብሣልስ ይጐርድ እዩ ዚጐርድ እምበር በቲ ዝተረፈ ብትንበ ት ፣ ብኾነት ብትእዛዝ ÷ ብሠለስቲኡ ኾሉ ብጽሕፈት ሓደ እዩ። በዘራርባ ግና ብ ንባብ እቲ ናይ ትንቢቱ መወዳእታ ፊደል መራሒ፡ ይጠብቕ እዩ። ኣብ ኮነትን ኣብ ትእዛዝን ግና ኣይጠብቕን እዩ። መበገሲኡ ክስዕ መወዳእታ ራብዕ ኮይኑ ይኸይድ። እ ቲ ዝተረፈ ግና ሳድስ እዩ ዚኸውን። ንኣብነት ባረከ ፣ ይባርኽ ፣ ይባርኽ ፣ ይባርክ ። ሣረረ ፣ ይሣርር፡ ይሣርር፣ ይሣርር፣ ማለው፣ ይማሉ ይማሉ፣ ይማሉ፡ ሣቀየ፡ ይሣቂ፣ ይሣቂ ፣ ይሣቂ፣ እናበል ኾሉ ዚመስሎ የርኢ። በርባዕተ ፍደላት ኣብቲ ና ይ መበገሲ ሰዓቢ፣ «ህ»ን «እ»ን ይርከቡ እዮም። ብዘካኣም ናይ «ባረከ» ሠራዊት ብሠለስተ እዩ እምበር በርባዕተ ፍደል፣ ኣይርከብን እዩ። ንኣብነት ማሕረከ፣ ፃዕደወ ፣ ፃሕየየ፣ እናበለ ዚመስሎ ኾሉ የርኢ። ነዚኣቶም ዝኣመሰለ ግሚ ኣብ ትንቢት መበ ገሲኡ ግዕዝ ኣብ ኮነትን ኣብ ትእዛዝን ራብዕ እዩ ዚገብር። ንኣብነት ማሕረከ፣ የመሐ ርክ፣ ይማሕርክ ይማሕርክ። ፃዕደወ፣ ይፀዐዱ ÷ ይፃዕዱ ፣ ይፃዕዱ፣ ፃሕየየ ፣ ይፀሐ ይይ፣ ይፃሕይይ÷ ይፃሕይይ፣ ኪብል፡ እናበለ ይርእ።

ፃሕየየ ደጊመ ፊደል ስለ ዘለዎ ከም ዘይጐረደ ብባዕሉ ከም ዝረብሐ፣ ኣስተውዕ ል። ንእኡ ዚመስል ኾሉ በብ ኣርእስቱ በብሠራዊቱ በብ ቤቱ «ወ» ን «የ» ን ከይ ጐረደ ከምኡ ኢሉ እዩ ዚኸይድ እሞ ነቲ ሐደ በቲ ሐደ ኣስተውዒልካ መርምሮ። ኣብ ዚ ናይ ባረከ ሠራዊት ተፈሰመ።

ናይ ሜመ ሠራዊት ተጀመረ

ናይ ሜመ ቤት ካብ ክልተ ፊደላት ንታሕቲ ኣይወርድን እዩ። ካብ ሠለስተ ናላ ዕሊ ድማ ኣይወፅእን እዩ። ግና ኣሌለየ፣ ኣንጌገየ፣ ኪብል ይርእ እንተ በለውን ናይ ኣግብሮ ልማድ እዩ እሞ ነዚ ኣዋጅ እዚ ኣየፍርሰን እዩ።

ሜመ ዝኣመሰለ ግሚ ብኽልተ ፍደላት ዘሎ፣ ኣብ ትንቢት መበገሲኡ ግዕዝ እዩ ዚገብር። ኣብ ኃላፊ ዝይነብረ ባዕዲ ፊደል «ይ» ን ኣብ ማእከሉ ኣእትዩ ÷ ኣብ ኩ ነትን ኣብ ትእዛዝን መበገሲኡ ይገብር። «ይ» ድማ ይወሓጥ። ንኣብነት ሜመ ፣ ይ ሠይም ፣ ይሚም፣ ብምባል ዚመስሎ ኾሉ የርኢ።

ብሠለስተ ፊደላት ዘሎ ናይ ሜመ ሠራዊት ፣ ቁቅሐን ዜነወን ፣ ጌገየን ፄወወ ን ዝኣመሰለ ግሚ ÷ ብ «ወ» ዚውጽእ ፣ ኣብ ካዕብ ከኣ ብ «የ» ዚውድእ። ኣብ ሣልስ እዩ ዚጐርድ እምበር ኣኻይደኡ ሓደ እዩ። ብትንቢትን ኣብ ኮነትን ኣብ ትእዛ

ዝን ኣረባብሓኡ ፍጹም ሓደ እዩ። እቲ ናይትንቢት ከም ባረኸ፡ – ድርክኽ ኣቢልካ ብ ምንባብ፣ ናይ ኩነትን ትእዛዝን ከኣ ኣላሕሊሕካ ብምንባብ ብንባብን በዘራርባን ግና ይ ፍለ እዩ። ንኣብነት ቄቅሐ ፣ ይቄቅሕ፣ ይቄቅሕ፣ ይቄቅሕ። ዜነወ ፣ ይዜኑ፣ ይዜነ ፣ ይዜኑ። ገገየ ፣ ይገጊ፣ ይገጊ፡ ይገጊ፣ ፄወወ፣ ይፄውው፣ ይፄውው፣ ይፄውው ፣ ብምባል ዜመስሎ ኾሉ የርኢ። ፄወወ ፣ ናይ «ወ» ደጊመ ፊደል ፣ ስለ ዘለዎ ከይጐረጸ ከም ዚኾይድ ኣስተውዕል።

ኣብዚ ናይ ሜመ (ሠየመ) ሠራዊት ተፈጸመ።

<u>ናይ ብህለ ሠራዊት ከኣ ከምዚ ዝስዕብ እዩ።</u>

